# المختصر المفيد للمسلم )للجمعية(

ንሙስሊም ጠቅሚ ዘለዎ ሓጺር መምርሒ

እዚ መጽሓፍ እዚ ሕጽር ኢሉ ንኹሉ ዘጠቓልል ኮይኑ ብዛዕባ መሰረታት ናይ ሃይማኖት እስልምና ዝገልጽ ኮይኑ ነቲ ዘንብብ መሰረታት ቅኑዕ ዝኾነ ኣገባብ ዒባዳን(ኣምልኾት) ትርጉም እምነት ብኣላህን መላእኽትን መጻሕፍትን ልኡኻትን ምጽኣት ዓለምን ጽሕፍቶን ዝገልጽ ኢዩ።

እዚ መጽሓፍ ድማ ብዛዕባ ዓቢ ጸጋ ዝኾነ እስልምናን ኣገዳስነት ንኣላህን እቲ ጽቡቕ ኣስማቱን መግለጺታቱን ምፍላጥ ጀሚሩ፡ ቀጺሉ ድማ ብዛዕባ ሓሙሽተ ዓንድታት ናይ እስልምናን፡ ዓንድታት ናይ እምነትን፡ ከምኡ'ዉን ብዛዕባ ርዲኢት ናይ ኢሕሳን ዉጺኢታቱን ንሓደ ኣማኒ ዝገልጽ ክኸዉን ኢዩ።

ነዚ መጽሓፍ ካብ'ቲ ፍልይ ዘብሎ ነገራት ድማ ኣብ ማስረጃ ዝተሞርኮሰን ካብ ክልተ መልእኽታዊ ሕጊታት ዝመንጨወ ንሱ ድማ ኪታብን(ቑርኣን) ሱናን(መገድን መምርሕን ናይ ነቢ) ኮይኑ ንዝኾነ ኣስላማይ ብዛዕባ ናይ መሰረታት ሃይማኖቱ ብቕልል ዝበለ ኣገባብ ክምሃር ዝኽእለሉ መጽሓፍ ድማ ኢዩ።

# ንሙስሊም ጠቅሚ ዘለዎ ሓጺር መምርሒ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ ዝኾነ

## መእተዊ

ኩሉ ውዳሰን ምስጋናን ነቲ ንዓለማት ጎይታ ዝኾነ ኣላህ ይኹን። ካብ ኩሎም ነብያትን ሉኡኻትን ቡሉጽ ዝኾኑ ነብዩና

ሙሓመድን ኣብ ስድረኦምን ኣብ ኩሉ ብጾቶምን ሰዓብቶምን ናይ ኣላህ ሞጎስን ክብርን ምሕረትን ይኹን።

ካብዚ ብምቅጻል

ካብቲ ዓቢ ናይ ኣላህ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ዝወዓለሎም ብኢስላም፡ ከምኡ ውን ጵኑዓት(ኣብ ዲን)፡ ብሕግጋቱን ፍርድታቱን ምስራሕ እዩ። ኣብዚ መጽሓፍ ሕጽር ብዝበለ ንሙስሊም ዝኾነ ናይዚ ዓቢ ሃይማኖት ጡርኑፍ ትምህርትታት ንምትግባር እንተኺሉ ስለ ጎይትኡ ኣላህ፣ስለ ነብዩ ሙሓመድን(ኣላህ ሞጎስን ክብርን ድሕንነትን ይሃቦም)፣ስለ ሃይማነቱ እስልምና ዘለዎ ፍልጠት ዝበለፀ ንክውስኽ ኣለሽኡ ይቅፅል።ብኡ ድማ ንኣላህ ኣብ ፍልጠትን መርትያን ኮይኑ ምምላኽ ይኽእል።[1]

## ድሕሪ ምፍጣር ባሮት ዘሎ ጥበብ

ኣላህ ዝፈጠረና ንዓቢ ጥበብ እዩ ንሱ ድማ ንዕኡ ብሒትና ክነምልኾ ብኡ ዋላ ሓደ ኣብ መግዛእቱ ከይነሻርኽ እዩ።ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾነ (ኣላህ) ከም ዝበሎ፡-

﴿ وَمَا خَلَقْتُ الْجِنَّ وَالْإِنْسَ إِلَّا لِيَعْبُدُونِ﴾

{ጋኔንን ሰብን ኣይፈጠርክዎምን ብጀካ ምእንቲ ንዓይ ንብሕተይ ጌሮም ከምልኹኒ} [ኣዝዛሪያት:56] ማለት፡- ንዕኡ ሽርካ ከይገበሩ ብኣምልኾ ብሕትኡ ክንጽልዎ ማለት እዩ። እዚ ዓቢ ሽቶ ማለት[ሓድነት ኣብ መግዛእቱ] ናትና ስራሕን ኣብዚ ኣዱንያ ዘሎ ድሌታትናን ኩሉ ኣብ ዙሪኡ እዩ ዝዘዉር፡ ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾነ (ኣላህ) ከም ዝበሎ፡-

---

[1] ﷺ ማለት (ሞጎስን ሰላምታን ንዕኦም ይኹን)

﴿ أَفَحَسِبْتُمْ أَنَّمَا خَلَقْنَاكُمْ عَبَثًا وَأَنَّكُمْ إِلَيْنَا لا تُرْجَعُونَ * فَتَعَالَى اللَّهُ الْمَلِكُ الْحَقُّ لا إِلَهَ إِلا هُوَ رَبُّ الْعَرْشِ الْكَرِيمِ﴾

ንኮንቶ ዝፈጠርናኩምን ኮምኡ 'ውን ንስኻትኩም ናባና ዘይትምለሱን መሲልኩም *

ንጉስ ሓቂ ኣላህ ልዑል ንጹህ ዝኮነ ካብ ኩሉ ጉድለት፡ ብዘይክኡ ብሓቂ ኣምልኾት ዝግበኦ ጎይታ ከም ዘየለ፡ ንሱ ካኣ ጎይታ ናይ ኩቡር ዝፋን እዩ። (ኣልሙእሚኑን፡115–116]

## ጎይታይ ኣላህ ኢዩ

ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ኢሉ፡-

﴿ يَا أَيُّهَا النَّاسُ اعْبُدُوا رَبَّكُمُ الَّذِي خَلَقَكُمْ وَالَّذِينَ مِنْ قَبْلِكُمْ لَعَلَّكُمْ تَتَّقُونَ﴾

{ኦ ኣቱም ሰባት ንዝፈጠረኩም፡ቅ ድሜኹም ዝነበሩ ውን(ዝፈጠረ) ጎይታኹም ኣምልኹ፡ መእንታን ክትጥንቀቑ }.[1] [ኣልበቀራህ፡ 21].

ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ኢሉ፡-

﴿ هُوَ اللَّهُ الَّذِي لَا إِلَٰهَ إِلَّا هُوَ﴾

ንሱ እዩ ኣላህ በጀክኡ ብሓቂ ኣምልኾ ዝግበኦ ጎይታ የለን}። [ኣልሓሽር፡ 22]።

ልዑል ኣላህ ከም'ዝ ኢሉ፡-

﴿ لَيْسَ كَمِثْلِهِ شَيْءٌ وَهُوَ السَّمِيعُ الْبَصِيرُ﴾

ዋላ ሓደ ንኡ ዝመስል የለን ንሱ ሰማዕን ረኣይን እዩ}። [ኣሽሹራ፡11]።

[1] ካብ ማዓትን ስቅያትን ናይ ኣላህ ምእንቲ ክትጥንቀቁ መጋረዲ ግብሩ ንሱ ድማ ትእዛዝ ናይ ኣላህ ምፍጻምን ካብ ዝኸልከሎ ነገራት ምርሓቕን እዩ።

ኣላህ ጎይታይ እዩ። ከምኡ ውን ጎይታ ኩሉ ነገርን፡ ወናኒን(ኑጉስን)፡ ፈጣሪን፡ ሽሻይ ለጋሲን፡ ኣከዋወኒን (ኣማሓዳሪ) ናይ ኩሉ ነገር እዩ።

ንሱ ድማ ንኣምልኾ ብሕትኡ ዝተገበኦ እዩ። ካብኡ ወጻኢ ጎይታን ኣምልኾት ዝግበኦ ፉጹም የለን።

ንዕኡ ጹቡቕ ኣስማትን ዝለዓሉ ባህርያትን ንነብሱ ዘረጋገጾን ነብይ(ﷺ) ዘረጋግጽዎን ኣለዎ። ብሙሉእነትን ብጽባቐን ዝላዓለ ዝበጸሐ እዩ። ንዕኡ ዝመስል ዝኾነ የለን ንሱ ድማ ሰማዕን ረኣይን እዩ።

## ካብ'ቲ ጽቡቕ ኣስማቱ:

ሽሻይ ወሃቢ፣ ኣዝዩ ሩህሩህ፣ ኣዝዩ ካኣሊ፣ ናይ ኩሉ ንጉስ፣ ኣዝዩ ሰማዒ፣ ወሃቢ ሰላም፣ ኣዝዩ ረኣዪ፣ናይ ኩሉ ፍጡር ተወካሊ፣ ንኹሉ ፈጣሪ፣ ናይ ውሽጢ(ደቂቅን ሕቡእን) ፈላጢ፣ ንኹሉ ዝኣክል፣ መሓሪ።

ኣር ረዛቕ (ሽሻይ ወሃቢ)፦ ንባሮቱ ንልቦምን ንኣካሎምን ዘድልዮዎ ሽሻይ ብምሃብ ሙሉእ ዓቅምን ሓላፍትናን ዘለዎ።

ኣር ራሕማን (ኣዝዩ ሩህሩህ)፦ ብጣዕሚ ሰፊሕን ፤ኩሉ ነገር ዘካበበ ናይ ርህራሄ በዓልቤት።

ኣል ቐዲር (ኩሉ ከኣሊ)፦ድኻም ኮነ ዕረፍቲ ዘየጋጥሞ ዝኣብዮ ነገር ዘየለ ዝተማለአ ክእለት ዘለዎ ዝኾነ።

ኣል መሊክ (ናይ ኩሉ ንጉስ)፦ብልዕልናን ብሓይልን ዝዳረጎ ዘየለ ብ ባህሪታት ዝግለጽ ኮይኑ: ንኹሉ ነገር ባዕሉ ወናንን ኣካያድን ድማ ኢዩ።

ኣ'ሰሚዕ (ኵሉ ሰማዒ)፦ ብግልጺ ኮነ ብሑቡእ ኩሉ ዝሰምዕ፡ ንባሮቱ ዱዓኦምን (ጸለቶምን) ናብኡ ዝገብርዎ ልመና ይሰምዕ።

ኣ'ሰላም (ካብ ጉድለት ንጹህ ዝኾነ)፦ካብ ዝኾነ ዓይነት ጉድለትን፡ ጉድኣትን፡ ነውሪን፡ዝነጸሀ ፉጹም ዝኾነ።

ኣል በሲር (ኵሉ ረኣይ)፦ ትርኢቱ ንእሽቶ ኮነ ደቂቅ ነገር ኩሉ ዝርእይ፡ ብውሽጦም ኩሉ ዝተሓበአ ኣጽፊፉ ዝርኢ ውሽጢ ፈላጢ ኩሉ ነገር ናይ ምርኣይ ክእለት ዘለዎ ጎይታ እዩ።

ኣል ወኪል (ኣመሓዳሪ፣ናይ ኩሉ ጉዳይ ፣ናይ ኩሉ ፉጡር ተወካሊ) ፦ናይ ኩሉ ፉጡሩ ሺሻይ በዓል ሙሉእ ሓላፍነት፡ ጉዳዮም ብዝግባእ መልክዕ ዘመሓዳድር፡ ቡኡኡ ንዝኣምኑ ንፈተውቱ ጉዳዮም ዘመዓራርየሎም፡ንጉዳዮም ኡኹል ዝኾነ።

ኣል ኻሊቕ(ናይ ኩሉ ፈጣሪ)፦ቀዳሚ ዝመስል ብዘይብሉ ነገራት ፈጢሩ(ምሂዙ) ህልውና ዝሃቦም(ክርከብ ዝገበረ)።

ኣል ለጢፍ (ሩህሩህ)፦ንባረቱ ዘኽብር፡ ዝርህርህሎም ን ልመነኦም ተቀቢሉ መልሲ ዝህቦም።

ኣል ካፊ(ንኹሉ ኡኹል)፦ ንሱ ንባረቱ ዘድልዮም ነገር ኡኹሎም ዝኾነ፡ ብረዲኤቱ ካብኡ ወጻኢ ዘየድልዮም ወይ ድማ ናቱ ረዲኤት ጥራይ እንበር ካብ ካሊእ ዘየድልዮም።

ኣል ቐፉር (ይቕረ በሃሊ)፦ ንባረቱ ካብ ሕማቅ ሓጥያቶም ዝሕልዎም፡ ብዝገበርዎ ሓጥያት ዘይቀጽዖም።

## ናተይ ነብይ ሙሓመድ(ﷺ) እዮም።

ልዑል (ኣላህ) ኢሉ፥

﴿لَقَدْ جَاءَكُمْ رَسُولٌ مِنْ أَنْفُسِكُمْ عَزِيزٌ عَلَيْهِ مَا عَنِتُّمْ حَرِيصٌ عَلَيْكُمْ بِالْمُؤْمِنِينَ رَءُوفٌ رَحِيمٌ﴾

ካብ ዓሌትኩም ዝኾነ ብጸገምኩም ዝሽገር ኣባኹም(እምነት) ኣዝዩ ጉዱስ፡ ኣብቶም ኣመንቲ ርህሩህን ሓላይን ዝኾነ ልኡኽ ብርግጽ መጺኩም። [ኣ'ተውባ: 128]

ሉዑል (ኣለህ) ኢሉ፥

﴿وَمَا أَرْسَلْنَاكَ إِلا رَحْمَةً لِلْعَالَمِينَ﴾

{(ኦ ሙሓመድ !) ንዓለማት ርህራሄ ክትከዉን እምበር ንኻልእ ኣይለኣኽናካን}። [ኣልኣንቢያእ: 107]

## ሙሓመድ (ﷺ) ነብይ ናይ ርህራሄ ውህብቶ፡

ንሰም(ሽሞም) ሙሓመድ ወዲ ዓብዲላህ ወዲ ዓብዱል ሙጠሊብ ወዲ ሃሽም፡ ሃሽም ካብ ቁረይሽ፡ ቁረይሽ ካብ ዓረብ እዮም።

ወላዲቶም፡- ኣሚና ጓል ዋሃብ፡ ዘጥበወቶም ሓሊመቱ' ሳዕድያህ፡ ዓሰርተ ሓደ ኣንስቲ ብርግጽ ተመርዕዮም(ﷺ)፡ ካብኦን ትሽዓተ ገዲፎም ሞይቶም።

ንነብዩና(ﷺ) ካብ ሸውዓተ ደቆም ሰለስተ ደቂ ተባዕትዮ ኣርባዕተ ደቂ ኣንስትዮ እዮም።እቶም ደቂ ተባዕትዮ:- ኣልቃስም፡ ዓብዱላህ፡ ኢብራሂም። ደቂ ኣንስትዮ ድማ:- ዘይነብ፡ ሩቀያ፡ ኡሙ ኩልሱም፡ ፋጢማ ይበሃሉ።

ብዝኣዘዝዎ ሙእዙዝ ሙኻን ግዴታ እዩ።ብዝነገሩና ድማ ሓቂ ኢልካ ምቅባል። ዝኮነንዎን ዝከልከልዎን ኩሉ ምርሓቅ።

ንሰም ዝሓገግዎ(ብመንገዶም) ተዘይ ኮይኑ ብ ካልእ መንገዲ ን ኣላህ ኣይነምልኾን።

ናቶም ኮነ ቅድሚኦም ዝተላእኩ ልኡኻት ዝነበረ ጸዋዕቶም ንሉዑል ኣላህ ብሕትኡ ሽርካ ዘይብሉ ጌርካ መግዛእቲ ምግባር ዝብል እዩ ነይሩ።

﴿وَمَا أَرْسَلْنَا مِنْ قَبْلِكَ مِنْ رَسُولٍ إِلَّا نُوحِي إِلَيْهِ أَنَّهُ لَا إِلَهَ إِلَّا أَنَا فَاعْبُدُونِ﴾

{ቅድሜኻ ብዘይካይ ኣላህ ኣምላኽ የለን ተገዙኡኒ ብምባል ናብኡ ነውርደሉ እንተኾነ ምበር ካብ ልኡኽ ሓደኳ ኣይለኣኽናን}። [ኣልኣንቢያእ፥ 25]

ንሰም(ﷺ) ናይ ነብያትን ሩሱላትን መደምደምታ እዮም። (ኣላህ) ካብ ኩሉ ጎዶሎ ዝነጸሀ ዝኾነ ከም ዝበሎ፡-

﴿مَا كَانَ مُحَمَّدٌ أَبَا أَحَدٍ مِنْ رِجَالِكُمْ وَلَكِنْ رَسُولَ اللَّهِ وَخَاتَمَ النَّبِيِّينَ وَكَانَ اللَّهُ بِكُلِّ شَيْءٍ عَلِيمًا﴾

ሙሓመድ ንሓደኩም ካብ ሰብኡትኩም ኣቦ ኣይኮነን ግን ናይ ኣላህ ሉኡኽን ናይ ነብያት መደምደምታን እዩ። ኣላህ ንኩሉ ነገር ፈላጥ እዩ። [ኣልኣሕዛብ፥ 40]

ብሃይማኖት እስልምና ናብ ኩሎም ደቂ ሰባት ኣላህ ልኢኽዎም።

ካብ ኩሉ ጉድለት ዝጸነየ (ኣላህ) ከምዝበሎ፡-

﴿وَمَا أَرْسَلْنَاكَ إِلَّا كَافَّةً لِلنَّاسِ بَشِيرًا وَنَذِيرًا وَلَكِنَّ أَكْثَرَ النَّاسِ لَا يَعْلَمُونَ﴾

ናብ ሓፈሻ ሰባት ኣበሳርን ኣጠንቃቅን ገይርና እምበር ንኻልእ ኣይለኣኽናካን ክኸዉን ግን ቡዙሓት ሰባት ኣይፈልጡን። [ሰባእ፥ 28]

ንዕኡ (ሙሓመድ)(ﷺ) ዓበይቲ ጉቡኡታት ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሙስሊም ኣለዎም፥ ካብኣተን፡-

1) ብነብይነቱ፡ ብሓቅነቱ ምእማን፡ ኣብኣ ሒዞም ዝመጹ ዓቢ ዝኾነ ሸርዒ ሙኡዝን ተኸታልን ምኻን፡ ካብ ኩሉ ጉድለት ዝነጸሀ (ኣላህ) ከም ዝበሎ፡-

﴿وَمَا يَنْطِقُ عَنِ الْهَوَى * إِنْ هُوَ إِلَّا وَحْيٌ يُوحَى﴾

{ንሱ ካብ ስምዒቱ ኣይዛረብን}

{ናብኡ መልእኽቲ ዝመጸ ጥራይ እዩ ዘብጽሕ}። [ኣ'ነጅም: 4–3]

2) ንዕኦም(ﷺ) ምፍታው ግዲታ እዩ። ንዕኦም ምፍታው ድማ ካብ ነፍስናን፡ ውላድናን፡ ሓፈሻ ፍጡራት ምቅዳም እዩ። ነዛ ፍትወት ትፈርዶ ንምርሒቶም ነቢይና (ﷺ) ክንኽተል ዝኣዘዝዎ ሙእዙዝን ዝከልከልዎ ዝኮነንዎ ምርሓቅን እዩ።

3) ንነብይና (ﷺ) ምኽባር፡ ምዕዋት፡ ምዕባይ፡ ክብሪ ምሃብ ግዴታ እዩ።

4) ሰለዋት ምውራድ(ﷺ)ንሱ :- ንዕኦም ምሙጋስ (ﷺ) ንኣላህ ኣብ ላዕሊ ክዝክሮምን ዕብየትን ክብርን ክውስኾምን ምሕታት። ኢሎም(ﷺ):-

(من صلى عليّ صلاة صلى الله عليه بها عشرا)

ኣባይ ሰላትን ሰላምን ዘውረደ ኣላህ ኣብኡ ዓሰርተ ሰላት የውርደሉ።[1] ሙስሊም ዘዉረይዎ።

5) ካብ ጉቡኦም(ﷺ) ደረት ምሕላፍን ኣላህ ካብ ዝሃቦም ደረጃ ንላዕሊ ሓፍ ምባልን ኩልኩል እዩ። ብርግጽ ነብዩና(ﷺ) ዝበርተዐ ዝኾነ ምጥንቃቅ ኣጠንቂቀሙና እዩም፡ ኢሎም(ﷺ):-

[1] ሰላት ማለት (ሞጎስን ውዳሰን ካብ ኣላህ ን ረሱል ማለት እዩ።)

(لا تطروني، كما أطرت النصارى ابن مريم، فإنما أنا عبده، فقولوا عبد الله، ورسوله) رواه البخاري.

(ከም ክርስትያን ንወዲ መርየም ካብ ጉቡኡ ንላዕሊ ሓፍ ዘበልዎ ሓፍ ኣይተብሉኒ ኣነ ባርያ(ናይ ኣላህ) እየ። ናይ ኣላህ ባርያን ልኡኽን በሉኒ)። ቡኻሪ ዘዉረይዎ

**ካብ ባህሪዮኦም(ﷺ)፡-**

ሓቅነት፡ ርህራሄ(ድንጋጼ)፡ተጸዋርነት፡ ትዕግስቲ፡ ጅግንነት፡ ልግሲ፣ ሰናይ ጠባይ፣ ፍትሓውነት፣ ትሕትና፣ ይቅረ ባሃሊ እዩም።

## ኩቡር ቁርኣን ናይ ጎይታይ ቃል እዩ

ሉዑል (ኣላህ) ኢሉ፡-

﴿يا أيها الناس قد جاءكم برهان من ربكم وأنزلنا إليكم نورًا مبينا﴾

{ኦ ኣቱም ሰባት! ካብ ጎይታኹም ብርግጽ መርትዖ መጺኩም ናባኻትኩም ውን ገላጺ ብርሃን(ቁርኣን) ኣውሪድና} [ኣ'ኒሳእ፡174]።

ንሱ ኩቡር ቁርኣን ናይ ሉዑል ኣላህ ቃል እዩ፡ ንሱ (ቁርኣን) ብትኽክል ዝተዛረቦ እዩ፡ ኣብ ልዕሊ ነብይና ሙሓመድ(ﷺ) ንሰባት ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ከውጽኦምን ናብ ቀጥ ዝበለ መንገዲ ክመርሖም(ኣላህ) ኣውሪድዎ። ዝቀረኦ(ዘንበቦ) ዓቢ ኣጅሪ(ዓስቢ) ይረክብ፡ብመምርሒ ናቱ ዝሰረሐ ድማ ቀጥ ዝበለ መንገዲ ይጓዓዝ። ካብ ዓብደላህ ኢብኑ መስዑድ_ ኣላህ ይፍተወሉ_ ዝተመሓላለፈ ኢሎም፡- ናይ ኣላህ ሉኡኽ(ﷺ) ኢሎም፡-

(مَنْ قَرَأَ حَرْفًا مِنْ كِتَابِ اللَّهِ فَلَهُ بِهِ حَسَنَةٌ، وَالحَسَنَةُ بِعَشْرِ أَمْثَالِهَا، لَا أَقُولُ ﴿الم﴾ حَرْفٌ، وَلَكِنْ أَلِفٌ حَرْفٌ، وَلَامٌ حَرْفٌ، وَمِيمٌ حَرْفٌ)

ካብ ናይ ኣላህ መጽሓፍ(ቁርኣን) ፊደል ዘንበበ ብኡ ዓስቢ ኣለዎ፡ እታ ሓንቲ ፊደል ብዓሰርተ ዓስቢ ትሕሰብ (ኣሊፍ ላም ሚም) ሓንቲ ፊደል እያ ኣይበልኩን፡ ግን ኣሊፍ ሓንቲ ፊደል፡ ላም ሓንቲ ፊደል፡ ሚም ሓንቲ ፊደል እያ። ቲርሚዚ ዘዉረይዎ።

ሉዑል ኣላህ (ንቁርኣን) ካብ ምቅያር ምልዋጥ ሓሊዎ(ዓቂብዎ) እዩ፡ ክሳብ የውመል ቅያማ(ምጽኣት ዓለም) ዝጸንሕ ተኣምር ገይርዎ እዩ። ካብ ኩሉ ጎዶሎ ዝነጸሀ (ኣላህ) ኢሉ፡-

﴿إِنَّا نَحْنُ نَزَّلْنَا الذِّكْرَ وَإِنَّا لَهُ لَحَافِظُونَ﴾

{ንሕና ንቁርኣን ኣውሪድናዩ ንሕና ኸኣ ዓቀብቱ (ሓለዉቱ ኢና}። [ኣልሒጅር: 9] ድ'ኮነ ቁርኣን ጎዶሎ ዝተለወጠ እዩ ኢሉ ዝሞገተ ንሉዑል ኣላህን ንሉኡኹን(ﷺ) ኣሓሰዊ(ከሓዲ) እዩ ማለት እዩ፡ ካብ መንገዲ እስልምና ካኣ ወጽዩ ።

ኩቡር ቁርኣን ቅድሚኡ ንዝነበሩ መጽሓፍቲ ዝጠርነፎ ጠርኒፉ ዝሓዘ እዩ። ናይ ኣላህ ዝደልዮን ናይ ነብሲ ጠባይ ወሰኽ ዝሓዘ እዩ፤ መረጋገጺ ናይ ሒዘምዎ ዝመጹ ሓቂ እዩ። ካብ ሉዑል ኣላህ ዝመጸ መጽሓፍ ኣብዚ ሕጂ ግዘ ንኽተሎን ንቅድሶን ብምንባቡ ኣምልኮ ንፍጽሞን፣ ብኡኡ ንሰርሕን፣ ብጀካ ኩቡር ቁርኣን ተዘይ ኮይኑ ካልእ የለን።

## ሃይማኖተይ እስልምና እዩ

ናይ ሃይማኖት ደረጃ ሰለስተ እየን:- ኣልኢስላም፡ ኣልኢማን ፡ኣልኢሕሳን ይባሃላ።

## ናይ መጀመርታ ደረጃ ኣልኢስላም፡-

ኢስላም ማለት፡- ንኣላህ ብሕትኡ ኢድ ምሃብ፡ ኣብ ትእዛዙ ተቀይድካ ምኻድ፡ ካብ ሽርክን ሽርኪ ዝፍጽሙን ነጻ ሙኻን ማለት እዩ።

## ናይ ኢስላም ዓንድታት

ኢሎም(ﷺ):

(بُنِيَ الإِسْلاَمُ عَلَى خَمْسٍ، شَهَادَةِ أَنْ لاَ إِلَهَ إِلاَّ اللَّهُ وَأَنَّ مُحَمَّدًا رَسُولُ اللهِ، وَإِقَامِ الصَّلاَةِ، وَإِيتَاءِ الزَّكَاةِ، وَصَوْمِ رَمَضَانَ، وَحَجِّ البَيْتِ)

{እስልምና ኣብ ሓሙሽተ ዝተሃነጸ እዩ፡ ብጀካ ኣላህ ብሓቂ ዝምለኽ ኣምላኽ ከምዘየለን ሙሓመድ ናይ ኣላህ ሉኡኽን ኢልካ ምምስካር፡ ሰላት ምስጋድ፡ ዘካት (ንጹማትን ንዝግበኦም ገንዘብ) ምሃብ፡ ሮመዳን ሙጻም፡ ገዛ(ካዕባ) ሓጅ ምግባር}። (ቡኻሪን ሙስሊምን ዘዉረይዎ)።

እተን ናይ እስልምና ዓንድታት ዝኾና ሙስሊም ክትግብሮም ዝግበኦ ናይ ኣምልኾ ተግባራት እየን። ነተን ዓንድታት ምቅባል ግዴታ ምኻኑ ዘይኣመነን ዘይተቀበለን ናይ ሓደ ሰብ እስልምንኡ ተቀባልነት የብሉን። ምኽንያቱ እስልምና ዝተሃነጸ ብአአን እዩ፤ ንዚ እዩ ናይ እስልምና ዓንድታት ተባሂለን ዝተሰመያ።

እዘን ዓንድታት ከምዚ ዝስዕብ እየን፡-

## ናይ መጀመርያ ዓንዲ፡- ብጀካ ኣለህ ብሓቂ ዝምለኽ ኣምላኽ የለን ሙሓመድ ናይ ኣላህ ሉኡኽ እዮም ምምስካር።

(ኣላሁ) ታዓላ ኢሉ፡-

﴿فَاعْلَمْ أَنَّهُ لَا إِلَٰهَ إِلَّا اللَّهُ﴾

{ብዘይካ ኣላህ ብሓቂ ከነምልኾ ዝግበኦ ኣምላኽ ዘይምህላው ፍለጥ} [ሙሓመድ፡19]።

ከም'ውን (ኣላሁ) ታዓላ ኢሉ፡-

﴿لَقَدْ جَاءَكُمْ رَسُولٌ مِّنْ أَنفُسِكُمْ عَزِيزٌ عَلَيْهِ مَا عَنِتُّمْ حَرِيصٌ عَلَيْكُم بِالْمُؤْمِنِينَ رَؤُوفٌ رَّحِيمٌ﴾

{ካብ ዓሌትኩም ዝኾነ ብጸገምኩም ዝሽገር ኣባኹም(እምነት) ኣዝዩ ጉዱስ ኣብ'ቶም ኣመንቲ ርህሩህን ሓላይን ዝኾነ ሉኡኽ ብርግጽ መጺ'ኩም}። [ኣተውባ፡128]።

ላኢላሃ ኢለላህ ዝብል ቃል ምስክርነት ትርጉሙ፡- ብጀካ ኣላህ ብሓቂ ዝምለኽ ኣምላኽ የለን ማለት እዩ።

ሙሓመድ ረሱሉላህ ዝብል መስክርነት ትርጉሙ፡- ዝኣዘዝዎ ሙእዙዝ ምኻን፡ ዝተዛረብዎ ሓቂ ምባል፡ ዝከልከልዎን ዝኮነንዎን ምርሓቕ፡ ብጀካ በቲ ንሶም ዘምጽዎ ሕጊ ተኾነ እምበር ብ ካልእ ን ኣላህ ዘይምምላኽ።

**ካልኣይ ዓንዲ፡- ስግደት ብስርዓት ምስጋድ።**

(ኣላሁ) ታዓላ ኢሉ፡-

﴿وَأَقِيمُوا الصَّلَاةَ﴾

{ስግደት ብስርዓት ኣቁሙ}። [ኣልበቀራ፡ 110]።

ስግደት ብስርዓት ምስጋድ ማለት ፡- ኣላህ ብዝሓገጎ ረሱል(ﷺ) ብዝመሃርዎ ምስጋድ ማለት እዩ።

**ሳልሳይ ዓንዲ፡-ምጽዋት (ዘካት) ምሃብ።**[1]

(ኣላሁ) ታዓላ ኢሉ፡-

[1] ዘካት ማለት ንጹጉማትን ነቶም ዝግበኦምን ገንዘብ ምሃብ

﴿وَآتُوا الزَّكَاةَ﴾

{ዘካት ኣዉጽኡ}። [ኣልበቀራ፡ 110]።

ኣላህ (ዘካት) ንሓደ ኣማኒ ሓቅነት ከምዘለዎ እምነቱ ንምፍታንን፡ ካብ ንብረቱ(ገንዘብ) ንዝሃቦ ጸጋ ንጎይትኡ ንምምስጋንን፡ ንድኻታትን ንጹጉማትን ምሕጋዝ እዩ ግዴታ ዝገበሮ።

ዘካት ምውጻእ ዝኾውን ንዝግብኦም ብምሃብ እዩ።

ነዚ ግዴታ ምውጻእ ዝኸውን እቲ ገንዘብ ንምውጻእ ልክዑ እንተበጺሑ እዩ፡ ዝወሃብ ንሸሞንተ ዓይነታት ሰባት እዮም፤ ኣላህ ኣብ ኩቡር ቁርኣን ዘኪርዎም፡ ካብኣቶም ድማ ድኻታትን ጽጉማትን እዮም።

ዘካት ኣብ ጉብኣ ክትበጽሕ እንከላ ድማ ትሕዝቶኣ ማዕረ ክንደይ ድንጋጸን ርህራሀን ሒዛ ከምዘላ የረድኣና፡ ሓደ ሙስሊም እዚ ምስ ዝፍጽም ድማ ንነብሱን ገንዘቡን ጽሬት ይህቦ፡ ነቶም ስኡናት ድማ በቲ ዝረኸብዎ ፍትወት ይስመዖም፡ ነቲ ዝምደናን ሕዉነትን 'ዉን ኣብ መንነ ኣሕዋት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ መንነ ሕብረተሰብ ኣስላም 'ዉን ድልዱል ዝምድና ይፈጥር። ስለዚ ድማ ሓደ ኣስላማይ ካብ ፍትወትን ሓልዮትን ተሰሚዕዎ ደስ እናበሎ ዝሕግዝ በዚ ድማ ነቶም ስኡናት ደስታ ትፈጥረሎም።

ካብ ዘለካ ዋኒን ከም ገንዘብ ወይ እትጥቀመሉ ዘበለ ከም ወርቅን ብሩርን ወይ ዝኾነ ኣቕሓ ንንግዲ ኢልካ እተጥርዮ ምሳኻ ንሓደ ዓመት ዝኸዉን ምስ ዝጸንሕ፡በቲ ተገሚትዎ ዘሎ ዓቐን መሰረት 2.5% ዘካት ከተዉጻሉ ይግበአካ።

ከምኡ'ዉን ነቲ ጥሪት ዝዉንን (ከም ገመልን ብዕራይን ጠለበጊዕን)፥እሞ ድማ ባዕሉ ዝበዘሐ ጊዜ ካብ ዓመት እናጓሰየ ናብ በረኻ ሒዝወን ዝወጽእ እንተኾይኑ፣እዚ ማለት እቲ ጓሳ ባዕሉ ኣብ ዘለወኦ በታ መግበን ዘምጽኣለን ዘይኮነ ባዕለን ካብ መሬት ሳዕሪ ይበልዓ እንተኾይነን ዘካት ብፍሉይ ዝኾነ ዓቐን ከውጽኣለን ይግባእ።

ከምኡ'ዉን ካብ መሬት ዝወጽእ ሃብቲ ከም ሪካዝ(ተደፊኑ ዝጸንሐ ናይ ጥንቲ ከም ኣዋርቕ መሳሊ) ወይ ኣካል ጥረታት ወይ ፍረታትን ካልኦት ማዕድናትን ፍሉይ ዝኾነ ዓቐን ምስ በጽሐ ዘካት ይግባእ።

**ራብዓይ ዓንዲ፡ጾም ወርሒ ረሞዳን።**

(ኣላሁ) ታዓላ ኢሉ፡-

﴿ يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا كُتِبَ عَلَيْكُمُ الصِّيَامُ كَمَا كُتِبَ عَلَى الَّذِينَ مِنْ قَبْلِكُمْ لَعَلَّكُمْ تَتَّقُونَ﴾

{ ኦ ኣንቱም ኣመንቲ ጾም ክትጾሙ እኮ ተኣዚዝኩም ኢኹም ከም'ቲ ቅድሜኹም ዝነበሩ ዝተኣዘዙ ምእንቲ ፍርሓት ኣላህ ከተሕድሩ} [ኣልበቀራ፡ 110]።

ወርሒ ረሞዳን ታሽዓይ ወርሒ ካብ ኣቋጻጽራ ናይ ሂጅሪያ ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ሓደ ኣስላማይ ድማ ዓቢ ክብሪ ዘለዎ ወርሒ ኢዩ። ካብ ካልኦት ኣዋርሕ ፍልይ ዝበለ ክብረት ድማ ኣለዎ። ነዚ ወርሒ ሙሉእ ክትጾሞ ድማ ካብ'ተን ሓሙሽት ዓንድታት ናይ እስልምና ኢዩ።

ጾም ረሞዳን ክንብል ከለና ድማ ንኣምልኾት ንልዑል ዝኾነ ኣላህ ኢልካ ካብ መግብን መስተን ጾታዊ ርክብን፡ ካብ ካልእ ንጸምካ ዘበላሹ ነገራትን ተቖጢብካ ወይ ነብስኻ ገቲእካ፡ካብ

ወጋሕታ ቅድሚ ጸሓይ ምዉጽኣ ክሳብ ጸሓይ ትዓርብ ዘሎ ግዜ ክትክልከል እንክለኻ ኢዩ።ብኽምዚ ኣገባብ ድማ ወርሒ ሙሉእ ትጸዉም።

## ሓምሻይ ዓንዲ፡ ሓጅ በይቱላሂል ሓራም።

(ኣላሁ) ታዓላ ኢሉ፡-

﴿وَلِلَّهِ عَلَى النَّاسِ حِجُّ الْبَيْتِ مَنِ اسْتَطَاعَ إِلَيْهِ سَبِيلًا﴾

{ክእለት(ዓቕሚ)ዘለዎም ደቂ ሰባት ሓጅ ክገብሩ ኣብ ልዕሊኦም ዝተወሰነ ግቡእ ናይ ኣላህ ኢዩ} [ኣል ዒምራን፡ 97]።

ሓጅ ምግባር ንኽእለት ዘለዎ ኣብ ዕድሚኡ ሓደ ግዜ ክገብር ግዴታ ኣለዎ።እዚ ማለት ናብ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ዝርከብ ቅዱስ ቦታታት_'ኣልበይተልሓራምን_(ካዕባ)' ካልእ ቦታታትን ምብጻሕ ፍልይ ብዝበለ ስነስርዓትን ኣገባብን ከምኡ'ዉን ግዜን ዝካየድ ናይ ኣምልኾ ስርዓት ኢዩ።ነቢ ሙሓመድን ﷺ ካልኦት ቅድሚኡ ዝነበሩ ነቢያትን ሓጅ ከምዝገበሩ ይዝከር።ኣላህ ን ነቢ ኢብራሂም [ሰላምታ ይኹኖም] ንደቂ ሰባት ሓጅ ንኽገብሩ ክጽዉዕ ከምዝኣዘዞ ኣብ ቁርኣን ብከምዚ ዝስዕብ ይነግረና፡-

﴿وَأَذِّنْ فِي النَّاسِ بِالْحَجِّ يَأْتُوكَ رِجَالًا وَعَلَى كُلِّ ضَامِرٍ يَأْتِينَ مِنْ كُلِّ فَجٍّ عَمِيقٍ﴾

{ደቂ ሰባት ሓጅ ንኽገብሩ ጸዉዕ።ወላ ካብ ርሑቕ ዝኾነ በታ ኣብ መጽዓኛ ተወጢሖም ይኹን ብኣጋር ተጓዒዞም ክመጹኻ ኢዩም} [ኣልሓጅ፡ 27]።

## ካልኣይ ደረጃ፡ እምነት

እምነት ክንብል እንከሎና ድማ ዓሚቕ ዝሰረቱ ጥርጥር ዘይብሉ፡በቲ ኩሉ ኣላህን ልኡኽን ዝኣዘዙዎ ብደጌኻን ዉሽጥኻን ኣሚንካ ምምርካኽን ምእዛዝን፡በቲ ዝእዝዙኻ ክትምራሕን የጠቓልል።እዚ ድማ ብልብኻ ሓቂ ከምዝኾነ ኣሚንካ በቲ ብልብኻን ሰዉነትካን ኩሉ እቲ ሃይማኖት ዝብለካ ብተግባርካ እተረጋግጸሉ ክኸዉን ከሎ ኢዩ።እዚ ዉሽጣዊን ደጋዊን እምነት'ዚ ጽቡቕ ተግባራት ኣብ እትፍጽመሉ ግዜ እናወሰኸ ክኸይድ ከሎ፡ብኣንጻሩ ድማ ኣብ ሕማቕ ፍጻሜታትካ እናንቈልቈለ ዝኸይድ ምዃኑ ንርዳእ።

## ዓንድታት ናይ እምነት

ነቢ ሙሓመድ ﷺ ብዛዕባ እምነት ምስ ተሓተቱ ከምዚ ኢሉ መሊሱ፡

(أنْ تؤمنَ باللهِ وملائكتِهِ وكتبِهِ ورسلِهِ واليومِ الآخرِ وتؤمنَ بالقدرِ خيرِهِ وشرِهِ).

(ብኣላህን መልኣኽቱን፡መጻሕፍቱን፡ ልኡኻቱን፡ብመጽኣተ ዓለምን፡ ብጽሕፍቶ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ካብ ኣላህ ምዃኑ ክትኣምን እንከለኻ'ዩ)።

እቲ ዓንድታት ናይ እምነት ዝበሃል ድማ ኣምልኾት ኣብ ቀልቢ ሓደ ኣስላማይ ዝኾነ ክህልዎ ዝግባእ መትከል ኢዩ። ሓደ ሰብ ኣስላማይ ኢየ ክብል እንተደኣ ኮይኑ በዚ ኣሚኑ በቲ ሒዝዎ ዘሎ ትሕዝቶ ድማ እምነት ክሳብ ፍጻመ ከብጽሖ ብኡኡ'ዉን ክሰርሕ ይግደድ፡ብዘይ እምነት ድማ ኣስላማይ ከምዘይሕሰብ ንርዳእ።በዚ ድማ ዓንድታት ናይ እምነት ተባሂሉ ተጸዊዑ። ኣብ መንጎ ዓንድታት ናይ እስልምናን

ዓንድታት ናይ እምነትን ዘሎ ፍልልይ እንተርኢና፣እቲ ዓንድታት ናይ እስልምና ዝበሃል ናይ ደጋዊ ኮይኑ ብኣካላትካን ናይ ስሚዒት ህዋሳትካን እትፍጽሞ ተግባራት ከም ዘረባ ዝኣመሰለን፣በተን ክልተ ናይ ምስክርነት መግለጺ ክትምስክር እከሎኻን ስግደትን ዘካት (ምጽዉታን) ወዘተ ዘጠቓለለ ኣብ ተግባር ከተውዕሎን ኢዩ። ዓንድታት ናይ እምነት ድማ ብዉሽጥኻ (ብቐልብኻ) እትገብሮ ተግባራት ኮይኑ ከም እምነት ብኣላህን መላእኽቱን መጻሕፍቱን ልኡኻቱን ወዘተ ዘጠቓለለ ኢዩ።

## ቀዳማይ ዓንዲ፣እምነት ብኣላህ

(ኣላሁ) ታዓላ ኢሉ፡-

﴿ إِنَّمَا الْمُؤْمِنُونَ الَّذِينَ آمَنُوا بِاللَّهِ﴾

{ብርግጽ እቶም ኣመንቲ ዝበሃሉ እኮ እቶም ብኣላህ ዝኣመኑ ኢዮም} [ኣ'ኑር፡ 62]።

ብህላዉነት ኣላህን ብሓደነቱን ክንኣምን፡ ንኣፈጣጥራን ምምላኽን ከምኡ'ዉን ንኣስማቱን መግለጺታቱን ዝምልከት'ዩ። እምነት ብኣላህ ድማ ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል፡-

-እምነት ብህላዉነት ናይ ንጹህን ልዑልን ዝኾነ ኣላህ።

-እምነት ብኣፋጣጥራ ንጹህን ልዑል ዝኾነ ኣላህ ከምኡ'ዉን ናይ ኩሉ ነገር ፈጣርን መላኽን ወሃቢ ሽሻይን ኣካያዲ ናቱን ምኳኑ።

በቲ ኣምልኾት ምእማን ዝበሃል ድማ ንኑጹህ ዝኾነ ኣላህ ንዕኡ ንብሕቱ ጥራይ ሽርክነት ከይገበርካ ክትግዛእ ከምዝግባእ ይምልከት። ከም

ስግዳን፡ጸሎት፡መብጽዓ፡ሕርዶ(ምሕራድ)፡ሓገዝን፡ ምጽጋዕን ካልእ ዓይነታት ኣምልኾትን ዘጠቓልለ ይኸዉን።

በቲ ክቡር ኣስማቱን ልዑል መግለጺታቱን ናይ ኣላህ ምእማን ማለት፡ ባዕሉ ኣብ ቑርኣንን ወይ ነቢ ሙሓመድንﷺ ዘረጋገጽዎን ወይ ዝነጸግዎን እምነት ክህልወና፡ከምኡ'ዉን ኣስማትን መግለጺታትን ናይ ኣላህ እቲ ዝበለጸን ጎደሎ ዘይብሉ ሙሉእ ኮይኑ ይርእይን ይሰምዕን ምዃኑን፡ ግን ድማ ንዕኡ ዝመስል ብፍጹም ከምዘየለ ይገልጸልና።

**ራብዓይ ዓንዲ፡እምነት ብመልኣኽቲ.**

ሉዑል (ኣላህ) ኢሉ፡-

﴿الْحَمْدُ لِلَّهِ فَاطِرِ السَّمَاوَاتِ وَالْأَرْضِ جَاعِلِ الْمَلَائِكَةِ رُسُلًا أُولِي أَجْنِحَةٍ مَثْنَى وَثُلَاثَ وَرُبَاعَ يَزِيدُ فِي الْخَلْقِ مَا يَشَاءُ إِنَّ اللَّهَ عَلَى كُلِّ شَيْءٍ قَدِيرٌ﴾

{ቡዙሕ ምግስ(ምስጋና) ንኣላህ ይኹኖ ነቲ ሰማያትን ምድሪን ዝፈጠረ ፣ እቲ ን መላእኽቲ ክልተን፡ሰለስተን ኣርባዕተን ኣኽናፍ ዝውንኑ ልኡኻት ዝገበረ ።ኣብ ፍጥረታቱ ዝደለዮ ክዉስኽ ዝኽእል። ብርግጽ ኣላህ ንኹሉ ነገር ኣዝዩ ከኣሊ ኢዩ} [ፋጢር፡1]

መላእኽቲ ድማ ኣብ ስዉር ዓለም ዝነብሩ፡ ባሮት ናይ ኣላህ ኮይኖም ካብ ብርሃን ፈጢርዎም፡ ንዕኡ ምእዙዛትን ተምበርከኽትን ድማ ገበሮም።

ንሳቶም ዓበይቲ ፍጡራት ኮይኖም ብዝሑምን ሓይሎምን ብዘይካ ልዑል ኣላህ ካልእ ዝፈልጥ የለን። ናቶም መለለዪ ኣስማትን መግለጺታትን ዘለዎም ኢዮም።ሓደ ካብ ሓደ ዘፍልዮም ባህርያታት ናይ ስራሕ ብጺሕትን ድማ ልዑል ኣላህ ዝሃቦም ኣለዎም። ሓደ ካብኣቶም ጂብሪል[ሰላምታ

ይኹኖ] ዝበሃል ስርሑ ካብ ልዑል ኣላህ መለኮታዊ ሓይሊ ተቐቢሉ ናብ ልኡኻት ኣላህ የብጽሕ።

**ሳልሳይ ዓንዲ፡እምነት ብመጻሕፍቲ**

ሉዑል (ኣላህ) ኢሉ፦

﴿قُولُوا آمَنَّا بِاللَّهِ وَمَا أُنْزِلَ إِلَيْنَا وَمَا أُنْزِلَ إِلَى إِبْرَاهِيمَ وَإِسْمَاعِيلَ وَإِسْحَاقَ وَيَعْقُوبَ وَالْأَسْبَاطِ وَمَا أُوتِيَ مُوسَى وَعِيسَى وَمَا أُوتِيَ النَّبِيُّونَ مِنْ رَبِّهِمْ لَا نُفَرِّقُ بَيْنَ أَحَدٍ مِنْهُمْ وَنَحْنُ لَهُ مُسْلِمُونَ﴾

{ብኣላህን በቲ ናባና ዝወረደናን ከምኡ'ዉን ናብ ኢብራሂምን፡ኢስማዒልን ኢስሓቕን፡ያዕቚብን ኣስባጥን ዝወረደን በቲ ንሙሳን ዒሳን ካልኦት ነቢያትን ካብ ኣላህ ዝተወሃቦም ሓደ ካብ ሓደ ድማ ኣይንፈላልይን ንሕና ድማ ናብ ኣላህ ሙእዙዛት ኢና በሉ} [ኣልበቐራ፡ 36]::

ልዑል ኣላህ በቲ ናብ ልኡኻቱ ዘዉረዶ መጻሕፍቲ፡ነቲ 'ኣላህ የለን" ኢሉ ዝኸሓደ ሰብ ከይክሕድ መተኣማመኒን መርትዖን ይኸዉን።ከምኡ'ዉን ነቶም ፈጸምትን ተመራሕትን ብሩህ መንገዲ ከምዝኾኖም ክንኣምን ይግበኣና።

በዚ መሰረት ድማ ንደቂ ሰባት ጥበብን ካብ ኩሉ ሕማቕ ነገራት ንጹሃት ንክኸኑ ይምህሩዎም።

ኣላህ [ካብ ኩሉ ጎደሎ ንጹህ ዝኾነ] ንነቢ ሙሓመድ ﷺ ነቲ ናይ ቅድሚኡ ዝነበረ ልኡኻት ሕጊ ኣትሪፉ ናብ ኩሉ ህዝቢ ዓለም ልኢኽዎ፡ንኩቡር ቑርኣን ድማ ልዕሊ ናይ ኩሉ እቲ ዝሓለፈ ሰማያዊ መጻሕፍቲ ብጽባቄኡን ትሕዝትኡን ዝዓብለሎን ከም ዝትከኦምን ገበሮ፡ካብ ምቕያርን ምዉሳኽን ሙግዳልን ባዕሉ ከምዝከላኸለሉን ከምዝዕቅቦን ከምዚ ኢሉ ነጊርና:

﴿إِنَّا نَحْنُ نَزَّلْنَا الذِّكْرَ وَإِنَّا لَهُ لَحَافِظُونَ﴾

{ንሕና ንቑርኣን ኣውሪድናዩ ንሕና ኸኣ ዓቀብቱ ኢና} [ኣልሒጅር፡ 9]። ናይ'ዚ መረጋገጺ ምኽንያት ድማ ቁርኣን ኣልከሪም ናይ መወዳእታ መጽሓፍ ናብ ደቂ ሰባት ዝወረደን፡ ከምኡ'ዉን ነቢ ሙሓመድﷺ ናይ መወዳእታ ልኡኽ ስለዝኾነ፡ ሃይማኖት እስልምና ድማ እቲ ኣላህ ንደቂ ሰባት ክሳብ ምጽኣተ ዓለም ክጸንሕ ዝፈተዎ ኢዩ።ኣላህ ከምዚ ይብል፡

﴿إِنَّ الدِّينَ عِنْدَ اللَّهِ الْإِسْلَامُ﴾

{ኣቲ ኣብ ቅድሚ ኣላህ ትቐባልነት ዘለዎ ሃይማኖት ዝበሃል እስልምና ኢዩ} [ኣልዒምራን፡19]።

እተን ሰማያዉያን መጻሕፍቲ ዝበሃላ ልዑል ኣላህ ዝዘከረን ኣብ መጽሓፍ(ቑርኣን)እዘን ዝስዕባ እየን፡

ኣልቑርኣን ኣልከሪም፡-ኣላህ ናብ ነቢ ሙሓመድ ﷺ ዘዉረዶ፡፡

ኣ'ተዉራት፡-ኣላህ ናብ ነቢ ሙሳ[ሰላምታ ይኹኖ]ዘዉረዶ፡፡

ኣልኢንጂል፡-ኣላህ ናብ ነቢ ዒሳ [ሰላምታ ይኹኖ] ዘዉረዶ፡፡

ኣ'ዘቡር፡-ኣላህ ናብ ነቢ ዳውድ [ሰላምታ ይኹኖ] ዘዉረዶ፡፡

ሱሑፍ ኢብራሂም፡-ኣላህ ናብ ነቢ ኢብራሂም [ሰላምታ ይኹኖ] ዝወረደ፡፡

**ራብዓይ ዓንዲ፡እምነት ብልኡኻት፡፡**

ሉዑል (ኣላህ) ኢሉ፡-

﴿وَلَقَدْ بَعَثْنَا فِي كُلِّ أُمَّةٍ رَّسُولاً أَنِ اعْبُدُواْ اللّهَ وَاجْتَنِبُواْ الطَّاغُوتَ﴾

{ናብ ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ዝለኣኽናዮ ልኡኽ፡ካብ ጣኦት ርሒቕም ንኣላህ በይኑ ንኽምልኹዎ ጥራይ ኢዩ} [ኣ'ናሕል: 36]።

ልዑል ኣላህ ናብ ባሮቱ ብልኡኻት ጌሩ ንኣላህ ንበይኑ ብዘይ መሻርኽቲ ከምልኽዎን፡ካብ'ቲ ብዘይካ ንኣላህ ንኻልእ ዘምልኹዎ ድማ ክክሕዱን ልኡኻት ከምዝለኣኸ ክንኣምን ይግባእ።

ኩሎም እቶም ልኡኻት ባሮት ደቂ ሰባት፡ደቂ ተባዕትዮ ኮይኖም፡ሓቀኛታትን ተኣመንትን ንኻልኦት እሙናት፡ፍርሃት ኣላህ ዘለዎም፡ ቅኑዕ መገዲ ሒዞም ናብ ቅኑዕ ዝመርሑን ኢዮም።ኣላህ ድማ መረጋገጺ ናይ ሓቅነቶም መሰነይታ ከምዝገበረሎም፡ኩሎም ድማ ነቲ ኩሉ ዝተልኣኹዎ ከምዘብጽሑን፡ኣብ ግሉጽ ዝርግራግ ዘይብሉ ዝኾነ ሓቂን፡ ኣብ ንጹር መምርሕን፡ ከምዝነበሩ ንኣምን።

ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ ዝነበሩ ኩሎም ልኡኻት፡ሓደ ኢዩ ኔሩ መሰረት ጻዉዒቶም።ንልዑልን ክቡርን ኣላህ ሓድነት ጌርካ ምምላኽን ካብ ሽርክነት ምርሓቕን ድማ ቀንዲ ዕላምኦም ነበረ።

**ሓሙሻይ ዓንዲ፡እምነት ብምጽኣተ ዓለም።**

ሉዑል (ኣላህ) ኢሉ፡-

﴿اللّهُ لاَ إِلَهَ إِلاَّ هُوَ لَيَجْمَعَنَّكُمْ إِلَى يَوْمِ الْقِيَامَةِ لاَ رَيْبَ فِيهِ وَمَنْ أَصْدَقُ مِنَ اللّهِ حَدِيثًا﴾

{ብጀካ ኣላህ ካልእ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግቦኦ የለን፡ ብርግጽ ኣብ መዓልቲ ትንሳኤ ኣብ ሓደ ንኹላትኩም

ፍጡራት ክእክበኩም ኢዩ፡ዘጣራጥር ዘይብሉ።ካብ ኣላህ ንላዕሊ ሓቂ ዝዛረብ መን ኣሎ} [ኣልኒሳእ፡ 87]።

ብምጽኣተ ዓለም በታ ናይ መወዳእታ ማዓልቲን፡ሰብ ካብ ቀብሩ ዝትንስኣሉ ግዜ ክንኣምን፡ከምኡ'ዉን በቲ ኩሉ ኣብኡ ዘጋጥመና ነገራት፡ ከም'ቲ ልዑልን ኩቡርን ኣላህ ኣብ ኩቡር ቑርኣን ወይ ብቃል ነቢ ሙሓመድ ﷺ ዝነገረና ከም ብዛዕባ ኣማዉታ ወዲ ሰብ ዝምልከት ብድሕሪኡ ዘሎ ትንሳኤን ብድሕሪኡ ዘሎ ጸማ ስራሓትና ምርኣይ ሽፋዓ(ነቢ ሙሓመድ ወይ ካልኦት ዝምልከቶም ከማልዱ እንከለዉ)፡ሚዛንን ሕሳብን ገነትን ጋሃነምን ወዘተ.. ኩሉ ናይ ምጽኣተዓለም ዝምልከት ክንኣምን ማለት ኢዩ።

## ሻድሻይ ዓንዲ፡ብጽሕፍቶ(ቀደር) ጽቡቕን ሕማቕን ምእማን

ሉዑል (ኣላህ) ኢሉ፡-

﴿ إِنَّا كُلَّ شَيْءٍ خَلَقْنَاهُ بِقَدَرٍ ﴾

{ብርግጽ ኩሉ ነገር ኣብ ጽሑፍቶ ኣስፊርናዮ ዘለና፡ብፍልጠት ናትና ፈጢርናዮ} [ኣልቐመር፡ 49]።

በቲ ጽሕፍቶ ክንኣምን ክንብል እንከለና፡ብኹሉ ኣብ ጽሕፍቶ ዘሎ ሕማቕን ጽቡቕን ክንኣምን ማለት ኢዩ።እዚ ማለት ኣላህ በቲ ዝቐደመ ናቱ ፍልጠትን ጥበብን ኣብ ጽሕፍቶ ዘስፈሮ ጌሩ ንኹሎም ፍጡራት ከም ዝፈጠረን ኩሉ ነገር ዘጋጥም ኩነታት፡ኣብ ምድረዓለም ብፍልጠትን ጽሕፍቶን ናይ ልዑልን ንጹህን ኣላህ ምኧኑ ምእማን እዩ።ኩሉ እቲ ጽሕፍቶ ዝበሃል ወዲ ሰብ ቅድሚ ምፍጣሩ

ከምዝተወሰነን ከምዝተጻሓፈን፡ከምኡ'ዉን ወድሰብ ባዕሉ ዝዉዕሎ ተግባር ብድሌቱ ከምዝኾነን፡ነቲ ዝገብሮ ድማ ባዕሉ ዝገብሮ ደኣምበር ናብ ጽሕፍቶ ከጸግዖ ከምዘይብሉ እዩ።እዚ ክንብል እንከሎና ግን ዝገበረ እንተገበረ ወዲ ሰብ ካብ ፍልጠትን ድሌትን ናይ ኣላህ ወጻኢ ይገብር ማለት ኣይኮነን።ኩሉ ካብ ፍልጠት ወይ ድሌት ናይ ኣላህ ኣይወጽእን ኢዩ።

እምነት ብጽሕፍቶ ኣብ ኣርባዕተ ደረጃታት ይኸዉን ንሱ ድማ፡-

ቀዳማይ፡እምነት ብፍልጠት ናይ ኣላህ ኮይኑ፡ሙሉእን ኩሉ ዘጠቓልልን ምኳኑ

ካልኣይ፡ በቲ ኩሉ ዘጋጥም ኣብ ምድረዓለም ክሳብ መዓልቲ ትንሳኤ ኣላህ ኣቐዲሙ ኣብ ጽሕፍቶ ኣስፈርዎ ከምዘሎ ክንኣምን።

ሳልሳይ፡ ኩሉ ብድሌቱን በቲ ሙሉእ ክእለቱን ዘጋጥም ከምዝኾነ ዝደልዮ እንተኾይኑ የጋጥም ዘይደልዮ ድማ ከምዘየጋጥም ክንኣምን።

ራብዓይ፡ኣላህ ንኹሉ ነገር ባዕሉ ከምዝፈጠረን፡ኣብ ኣፈጣጥራ ድማ መሻርኽቲ ከምዘይብሉን ክንኣምን።

## ሳልሳይ ደረጃ፡ኣልኢሕሳን

ኣልኢሕሳን፡-ንኣላህ ክትግዝኦ(ከተምልኾ) እንከሎኻ፡ልክዕ ከም ኣብ ቅድሜኻ ትሪኦ ዘለኻ ጌርካ ከተምልኾ፣ወላኳ ንስኻ እንተዘይረኣኻዮ ንሱ ከምዝሪኦካ ዘሎ ፈሊጥካ ክትግዝኦ እንከለኻ ኢዩ።ልዑል ኣላህ ከምዚ ይብል:

﴿ إِنَّ اللَّهَ مَعَ الَّذِينَ اتَّقَوْا وَالَّذِينَ هُمْ مُحْسِنُونَ﴾

{ብርግጽ ኣላህ እኮ'ብምሕጋዝን ምሕላዉን' ምስቶም ንዑኡ ዝፈርሑን ኣብ ኩሉ ኩነታቶም ኣላህ ከምዝርእዮም ዘሎ ፈሊጦም ንብሕትኡ ዝሰርሑን ኢዩ ዝኸዉን} [ኣልናሕል:128]።

## ንጽህና

ልዑል (ኣላህ) ኢሉ፥

﴿ إِنَّ اللَّهَ يُحِبُّ التَّوَّابِينَ وَيُحِبُّ الْمُتَطَهِّرِينَ﴾

{ኣላህ እኮ ነቶም ቡዙሕ ንስሓ ዝፍጽሙ ካብ ሓጥያትን፡ ንጹሃትን ኢዩ ዝፈቱ} [ኣልበቐራ፡ 22]።

ነቢ ﷺ ከም'ዚ ኢሎም:

(مَن تَوَضَّأَ نَحْوَ وُضُوئِي هذا، ثُمَّ صَلَّى رَكْعَتَيْنِ لا يُحَدِّثُ فِيهِما نَفْسَهُ، غَفَرَ اللَّهُ له ما تَقَدَّمَ مِن ذَنْبِهِ)

( ከም ናተይ ዉዱእ [ንስግዳን ዝምልከት ስርዓተ-ሕጽበት ኣካላት] ልክዕ ዝገበረ ኣስዒቡ ድማ ክልተ ስግዳን ብንጽህና ንኣላህ ኢሉ ዝሰገደ ናይ ዝሓለፈ ሓጥያቱ ይስረዘሉ ) ቡኻሪ ዘዉረዩልና።

ካብ'ቲ ዓቢ ክብረት ናይ ስግዳን ቅድሚ ምስጋድ ጽሬት ኣካላትን ንጽህና ወሸጢን ንኽህሉ ኣላህ ሕጊ ቅድመ ኹነት ንስግዳን ጌሩ ።መባእታ ቅድመ-ኩነት ናይ ስግዳን ኢልና ከኣ ክንጽዉዖ ንኽእል።እቲ ብልጫታት ናይ ስግዳን ክዝከር እንከሎ ድማ ቀልብኻ ንስግዳን ክትሰግድ የተሃራርፈካ፡ ነቢ ﷺ ከም'ዚ ኢሎም:

(الطُّهُورُ شَطْرُ الإيمانِ، والْحَمْدُ لِلَّهِ تَمْلأُ المِيزانَ، وسُبْحانَ اللهِ والْحَمْدُ لِلَّهِ تَمْلَآنِ -أَوْ تَمْلأُ- ما بيْنَ السَّمَواتِ والأرْضِ، والصَّلاةُ نُورٌ، والصَّدَقَةُ بُرْهانٌ، والصَّبْرُ

ضِياءٌ، والْقُرْآنُ حُجَّةٌ لَكَ، أوْ عَلَيْكَ، كُلُّ النَّاسِ يَغْدُو فَبايِعٌ نَفْسَهُ فَمُعْتِقُها، أوْ مُوبِقُها)

(ጽሬት ክፋል ናይ እምነት(ስግዳን) ኢዩ።ኣልሓምዱሊላህ ድማ ሚዛን ትመልኦ፡ሱብሓነላህ ወልሓምዱሊላህ ድማ ትመልኦ ወይ ከምዚ ኣብ መንጎ ሰማያትን መሬትን ዘሎ ትመልኦ።ስግዳን ብርሃን ኢያ(ማለት ካብ'ቲ ዓስቢ ናታ ኣብ ምጽኣተዓለም ብርሃን ኮይና ተብርሃልካ)፡እዚ ማለት ነቲ ግቡኣት ብትኽክል ኣማሊኡ ዝሰግዳ ካብ ሕማቕ ነገር ከም ብርሃን ኮይና ትኽልክሎ ወይ ትጋርዶ)።ሰደቓ (ሰናይ ተግባር) መረጋገጺ ወይ መርትዖ ኢዩ።(ማለት ከም መርትዮ ምልክት ይኾነካ፡ነቲ ሓቀኛ ኣማኒ ካብ ሙናፊቕ ዝፈልዮ ኢዩ።ትዕግስቲ ድማ ከም ቡርቱዕ ብርሃን ኮይኑ የብርሃልካ፡(እዚ ማለት ትዕግስቲ ንነብሲ ምርር ስለ ዝብላ ኢዩ)።ቑርኣን ድማ ወይ ይማጎተልካ ወይ ኣንጻርካ ኮይኑ ይምጉተካ።ኩሉ ወዲ ሰብ ኣንጊሁ ድራር እለቱ ክናዲ ይወፍር።እቲ ገሊኡ ጽቡቕ ክገብር ዝወዓለ ንነብሱ ካብ ሓዊ ገሃነም ነጻ የዉጸኣ፡እቲ ገሊኡ ኣብ ሕማቕ ዝወዓለ ድማ ንነብሱ ናብ ሓዊ ገሃነም ይጋብዛ) ሙስሊም ዘዉረዮ።

ነቢ ﷺ ከምዚ ኢሎም፡

(من توضأ فأحسن الوضوء خرجت خطاياه من جسده حتَّى تَخْرُجَ مِنْ تحتِ أظفارِهِ)

(ብትኽክል ዉዱእ ዝገበረ ኩሉ እቲ ሓጥያቱ ካብ ኣካላቱ ክሳብ ብትሕቲ ኣጽፋሩ ጌሩ ይወጽእ) ሙስሊም ዘዉረዩልና።

በዚ ዓይነት ድማ ወዲ ሰብ ናብ ኣላህ ክቐርብ ብዉዱእ ጽሩይን ጽፉፍን ኮይኑ፡ብዉሽጥኡ ድማ ንጽህና እምነት ሒዙ

ይሰግድ።እዚ ኣገባብ ኣምልኾ ብመሰረት ንጹር መንገዲ ናይ ነቢና ﷺ ተመሪሑ ናብ ልዑል ኣላህ ንብሕትኡ ጌሩ ይቐርብ።

ማዓስ እዩ'ኸ ዉዱእ ክትገብር ዝግበኣካ፡-

1- ኣብ ግዜ ስግዳን ብትእዛዝ ናይ ኣላህ ትሰግዶን(ከም ሓሙሽተ ግዜ ኣብ መዓልቲ ዝስገድ ግዴታዊ ስግዳን) ወይ 'ነፍሊ'(ብወለንታ እትውስኾ ስግዳን)።

2- ኣ'ጠዋፍ ቢልካዕባ(ዑደት ኣብ ዙርያ ካዕባ)ኣብ ዑምራን ሓጅን ዝፍጸም ዓይነት ኣምልኾት።

3- ኣብ ግዜ ንባብ ቁዱስ መጽሓፍ(ቑርኣን)።

ብጽሩይ ማይ ነብሲ ምሕጻብን ዉዱእ ምግባርን፡-

ጽሩይ ማይ ዝበሃል፡-ኩሉ ካብ ሰማይ ዝወረደ ወይ ካብ ዝፍልፍል መሬት ዝርከብ ኮይኑ፡ካብ'ተን ጥዕየት ማይ ዘረጋግጸልና ሰለስተ ባህርያታት ነጻ ክኸዉን ይግባእ።እተን ሰለስተ መግለጺታት ድማ፡- ሕብሪን ጣዕምን ሽታን ኢየን።እቲ ማይ ሓደ ካብዘን ዝተጠቕሳ መግለጺታት ምስዝቕየር ንዉዱእ ኣይበቅዕን።ወላ ሓደ ባህሪ ምስዘየማልእ፡ካብ'ቲ ናይ ጽሩይነት ደረጃኡ የዉጽኦ።ስለዚ ናይ ግድን እቲ ማይ ጣዕሚ፡ ሽታ፡ ሕብሪን ዘይቀየረ ክኸዉን ይግባእ።

**ዉዱእ**

1_ ቅድመ-ኩነት ናይ ዉዱእ ' ኣ'ኒያ '_፡- በታኣ ኣብ ልብኻ ኮይኑ፡-ኣ'ኒያ ማለት ልባዊ ምንዮት'ዩ።ንኣምልኾት ናብ ልዑል ኣላህ ክትቀርብ እንከሎኻ፡ነቲ ክትገብሮ እትደልዮ ዒባዳ(ኣምልኾት) ኣብ ልብኻ ኣሕዲርካ ከተዳልዎ ከለኻ ኢዩ።

2_ ቢስሚላህ (ብስም ኣላህ) ኢልካ ምጅማር።

3_ ከብዲ ኢድካ ምሕጻብ (ብላዕልን ታሕትን) ሰለስተ ግዜ።

4_ኣፍካ ምጉጽጓጽ (ሰለስተ ግዜ)።

ኣፍካ ምጉጽጓጽ ማለት፡-ናብ ኣፍካ ማይ ኣእቲኻ ኣንቀሳቒስካ ከተዉጽኦ ከለኻ።

5_' ኣልኢስቲንሻቕ ' ብድሕሪኡ ' ኣልኢስቲንሳር ' ሰለስተ ግዜ 'ኣልኢስቲንሻቕ' ፡-ናብ ኣፍንጫኻ ክሳብ መወዳእታ ማይ ኣእቲኻ ስሒብ ከተብሎ እንከለኻ ኢዩ።

' ኣልኢስቲንሳር '፡-ማለት ድማ ኣብ ፍንጫኻ ንዝጸንሕ ከም ንፋጥን ካልእን ከተዉጽኦ እንከለኻ ኢዩ።

6_ገጽካ ምሕጻብ (ሰለስተ ግዜ)።

ግምት ናይ ኣልወጅህ (ገጽ)፡-

ገጽ (ኣልወጅህ) ተባሂሉ ተገሊጹ ዘሎ ኣብ ቅድሚት ዝርከብ ኮይኑ፡

ገጽ ክንብል ከለና ናይ ጎኒ ዝሸፍኖ ስፍሓት፡-ካብ ሓደ ጫፍ እዝኒ ክሳብ እቲ ካልኣይ ጫፍ እዝኒ ኢዩ።

ንቑመት ስፍሓት ሒዝዎ ዘሎ ድማ፡-ካብ ጫፍ ንቡር ኣበቛቍላ (ጀማሪ) ጸጉሪ ርእሲ ክሳብ መወዳእታ ጫፍ መንከስ ኢልና ክንርድኦ ንኽእል።

ገጽ ምሕጻብ ክንብል እንከለና ድማ ወላ ኣብ'ቲ ዝገመትናዮ ሽፈነ ናይ ገጽ ዉሑድ ጸጉሪ እንተሃለወ ምስ ገጽ እቱዉ ይኸዉን። ከምኡ'ዉን 'ኣልበያድን' 'ኣልዐዛርን' የጠቓልል፡

'ኣልበያድ'፦ዝበሃል ኣብ ሞንጎ 'ኣልዐዛርን' ኣብ ከም መስቖሪ እዝኒ እንጥቀመሉን ዝርከብ ጸጉሪ ዘይቦቕሎ ጽዕድዉ ዝበለ ክሳብ ጫፍ እዝኒ ዝበጽሕ ኣካል ኢዩ።

'ኣልዐዛር'፦ዝበሃል ድማ ናብ'ቲ ማእከል እዝኒ ዘዳዉብ ጸጉሪ ኣብ ዉጽእ ዝበለት ዓጽሚ ዘሎ ናብ ላዕለዋይ ጸጉሪ ርእሲ ዘራኽብ ካብኡ ክሳብ እዝኒ ዘሎ ቦታ ይኸዉን።

ከምኡ'ዉን ኣብ'ዚ ምሕጻብ ገጽ ክትኮረሉ ዝግባእ ኣገዳሲ ነገር፡ኣብ ገጽ ዝበቁል ቡዙሕ ጫሕሚ።ከም ኣካል ናይ ገጽ ተሓሲቡ ብግቡእ ይሕጸብ።

7_ ኢድካ ካብ ጫፍ ኣጻብዕቲ ክሳብ ብርኪ ኢድካ ምሕጻብ (ሰለስተ ግዜ)

ብርኪ ኢድ ድማ ምስ ምሕጻብ ብግቡእ ሽፈነ ክረክብ ይግባእ።

8_ ብክልተ ኢድካ ጌርካ ርእስኻ ምድራዝ እዝኒ ድማ ምስኡ ይኣትዉ (ሓደ ግዜ)ትገብር።

እዚ ኣገባብ ካብ ጫፍ መንበስበስታ ርእስኻ ጀሚርካ ንድሕሪት ክሳብ ጸጉሪ ዝበቑለሉ ጫፍ ክሳድ ደሪዝካ ንቅድሚት ብምምላስ ይትግበር።

ብኣመልካቲቶ ኣጻብዕትኻ ጌርካ ንዉሽጢ እዝንኻ ኣእቲኻ፡ብዓባይ ዓባይቶ ጌርካ ድማ ብደገን ዉሽጥን እዝንኻ ትደርዞ።

9_ክልተ እግርኻ ካብ ጫፍ ኣጻብዕቲ እግርኻ ክሳብ ዓንካር ዓንካሪትካ ይሕጸብ (ሰለስተ ግዜ) ዓንካር ዓንካሪት ድማ ምስኡ እቱዉ ይኸዉን።

ዓንካር ዓንካሪት ዝበሃል ኣብ ታሕተዋይ ክፍሊ እግሪ እተን ክልተ ንደገ ዉጽእ ዝበላ ኣዕጽምቲ ኢየን።

10_ ከም ኣስላማይ መጠን ድማ ዉዱእ ምስ ወዳእካ 'ኣሽሃዱ ኣላኢላሃ ኢለላህ ዋሕደሁ ላሽሪከ ለሁ ዋኣሽሃዱ ኣነ ሙሓመደን ዓብዱሁ ወረሱሉሁ ኣላሁማጅዓልኒ ሚነ'ተዋቢን ወጅዓልኒ ሚነል ሙተ'ጣሂሪን ትብል።ነዚ ዘረጋግጽ ድማ ነቢ ﷺ ከምዚ ኢሉ (ብልክዕ ውዱእ ኣጸቢቑ ጌሩ፡ ኣሽሃዱ ኣላኢላሃ ኢለላህ ዋሕደሁ ላሽሪከ ለሁ ዋኣሽሃዱ ኣነ ሙሓመደን ዓብዱሁ ወረሱሉሁ ኣላሁማጅዓልኒ ሚነ ተዋቢን ወጅዓልኒ ሚነል ሙተጠ'ሂሪን ዝበለ እተን ሸሞንተ ማዕጾታት ናይ ገነት ይኽፈታሉ፡ብዝደለዮ ማዕጾ ድማ ክኣቱዉ ይኽእል) ቲርሚዚ ዘዉረዩልና።

ንዉዱእ ዘበላሹዎ ነገራት ድማ እዚ ዝስዕብ ይመስል፡-

1. ካብ ክልተ ቦታታት መዉጽኢ ርስሓት ዝወጽእ ከም ሽንቲ፡ቀልቀል፡ፈሲ፡ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ወይ ጓል ኣንስተይቲ ወይ ኣብ ግዜ ስምዒት ዝወጽእ ቀጢን ፈሳሲ ምስዘጋጥም።

2. ሓደ ሰብ ሓንጎሉ ክስሕት እንከሎ ከም ዓሚቕ ድቃስ ምስ ዝድቅስ፡ ወይ ፌንቲ (ኣብ ዕዉለት ሃለዋቱ ምስ ዘጥፍእ)፡ ወይ'ዉን ስኽራን፡ ጽላለ ምስዘጋጥም።

3. ኩሉ እቲ ንምሕጻብ ዘገድደካ ነገራት ከም ጀናባ (ምስ መጻምድቲኻ ጾታዊ ርክብ ምስ ትፍጽም ወይ ፈሳሲ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ወይ ጓል ኣንስተይቲ ምስ ዝወጽእ)፡ጽግያትን፡ኣብ ግዜ ሕርሲ ዝወጽእ ደምን ምስዘጋጥም።

ካብ ዓይኒ ምድሪ ኣቲኻ ነቲ ዘሎ ርስሓት ከተጽርዮ ይግባኣካ።ምስ ወጸኻ ድማ ነቲ ዘሎ ርስሓት ከተጽርዮ ግድን ይኾነካ።በዘን ዝስዕባ ነገራት ድማ ከተጽርዮ ትኽእል።ብጽሩይ ማይ (እዚ ኸኣ ዝበለጸ ክኸዉን 'ከሎ) ወይ ብኻልእ ጽሩይ ዝኾነ ነቲ ርስሓት ከልግሶ ዝኽእል ከም እምኒ፡ወረቐት፡ጨርቅን ከምኡ ዝኣመሰለን ከተጽርዮ ይከኣል ኢዩ።እዚ ክንብል እንከለና ድማ ብሰለስተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ምድራዝ ከጽርዮ ዝኽእል ኮይኑ ወይ ብዝኾነ ፍ�npድን ጽሩይን ዝኾነ ክንጥቀም ንኽእል።

## ን 'ኣልኹፍን(ብቆርበት ዝስራሕ ከም ካልሲ ዝልበስ)ን ጀውረበይን'(ካልሲ) ምድራዝ ዝምልከት

ኣብ ኹፍን ካልስን እንለብሰሉ ግዜ ውዱእ ክንገብር ምስ እንደሊ ንእግርና ከይሓጸብና ብማይ ጥራሕ ክንደርዝ ንኽእል ኢና።እዚ ክንገብር ድማ ከነማልኦ ዝግብኣና ቅድሚ-ኩነት ኣሎ።ንሱ ድማ፡-

1. ቅድሚ ኹፍ ወይ ጀዉረብ ምልባስካ፡ካብ ንውዱእ ክትገብርን ወይ ነብስኻ ክትሕጸብን ዘገድደካ ነገራት ነጻ ኴንካ ዉዱእ ምስ ገበርካ ወይ ምስ ተሓጸብካ ክትለብሰን ድማ ይግባእ።

2. እቲ ኹፍ ወይ ጀዉረብ ድማ ካብ ርስሓት ነጻ ክኾና ይግባእ፡፡

3. እቲ ምድራዝ 'ዉን ኣብ'ቲ ተወሲኑ ዘሎ ግዜ ክኸዉን ይግባእ፡፡

4. ከምኡ'ዉን ብሓላል ዝመለኸካየን ኮይነን፡(ዝተሰረቖ ወይ ብዓመጽ ዝተመንዘዐ ከይከዉን)ማለት ኢዩ።

ኹፍ ድማ ከም'ቲ ዝበልናዮ ካብ ረቂቅ ቆርበት ወይ ከምኡ መሳሊ ዝተሰረሐ ኮይኑ።ንኣብነት ከም ጫማ ኣጸቢቑ ንእግርኻ ክሳብ ላዕሊ ዝሽፍን እንተኾይኑ ኢዩ።

ኣልጀዉረብ ድማ ካብ ጨርቂ ወይ ከምኡ መሳሊ ንእግሪ ዝልበስ ንኣብነት ከም ካልሲ ኢልና ንጽዉዖ ይካኣል።

ንምንታይከ ኹፍ ምድራዝ ተፈቒዱ ንዝብል ሕቶ ድማ፡- ነቲ ለቢስካዮ ዝነበርካ ኣዉጺኻ እግርኻ ሓጺብካ ተመሊስካ ንኽትለብሶ ዘሸግር ስለዝኸዉን ኢዩ።ብፍላይ ከኣ ኣብ ግዜ ብርቱዕ ቁሪን ወይ ድማ መገሻ ንምእንቲ ክቀለልና ኣላህ ንሙስሊሚን ኣፍኲሱልና።

ኹፍ ምስደረዝካ ንኽንደይ ግዜ እቲ ምድራዝ ከምዘገልግለካ ንዝምልከት ድማ፡-ንኣብ ዓዱ ዘሎ ለይትን መዓልትን ክደርዝ ይፍቀዶ(24 ሰዓት)።

ንገያሻይ ድማ ሰለስተ መዓልትን ለይትን ክደርዝ ይፍቀዶ(72 ሰዓት)።

ናይ ምድራዝ ግዜ ትቆጽረሉ፡ ድሕሪ ውዱእካ ምፍራሱ እታ መጀመርታ ዝደረዝካላ ኣብ ልዕሊ ኹፌን ወይ ጀውረብን ይኸውን።

ኣገባብ ኣደራርዛ ንኹፍን ጀዉረብን ንዝምልከት ከም'ዚ ዝስዕብ ይኸዉን፡-

1. ኢድካ ብማይ ተተርክስ።

2. ኢድካ ብላዕለዋይ እግርኻ ካብ ጫፍ ኣጻብዕቲ ክሳብ ዓንካር ዓንካሪትካ ቁሩብ ሕልፍ ኢልካ ትደርዞ።

3. ንየማነይቲ እግርኻ ብይየማነይቲ ኢድካ ንጸጋመይቲ እግርኻ ድማ ብጸጋመይቲ ኢድካ ጌርካ ትደርዝ፡

ንኣብ ልዕሊ ኹፍ ወይ ጀዉረብ ዝደረዝካዮ ዘበላሽወልካ ነገራት፡-

1-ነብስኻ ንኽትሕጸብ ዘገድዱኻ ነገራት ምስ ዘጋጥም

2-እቲ ዝተገመተ ግዜ-ገደብ ምስ ዝዉዳእ።

## ኣልቒስል (ነብስኻ ምሕጻብ)

ሰብኣይን ሰበይትን ጾታዊ ርክብ ኣብ ዝፍጽምሉ ግዜ ወላ ዘርኢ ናቶም እንተዘይወጸአ፡ ወይ ካኣ ኣብ ግዜ ሕልሚ ዘጋጥም ምዉጻእ ናይ ዘርኢ ወላ ዉን ብዘይ ድቓስ ኣብ ቀትሪ ምስ ዝወጽእ፡እዚ ምስ ዘጋጥም ንወዲ ተባዕተይ ይኹን ንጓል ኣንስተይቲ፡ነብሶም ንኽሕጸቡ የገድዶም።ንስግዳን ወይ ነቲ ከምኡ ዝኣመሰለ ምሕጻብ ዘድልዮ ዒባዳ ብቑዓትን ድሉዋትን ክኾኑ ምእንቲ ኢዩ። ከምኡ'ዉን ጓል ኣንስተይቲ ካብ ጽግያት ወይ ካብ ኣብ ድሕሪ ሕርሲ ንዝወጽእ ደም ምስ እትጸርይ ወይ ደም ደዉ ምስዝብል።ንስግዳን ወይ ንኸምኡ መሳሊ ዒባዳ (ኣምልኾታዊ ንጥፈት)፡ምሕጻብ ዘድልዮ ነገራት ንኽትፍጽም ነብሳ ክትሕጸብ ግዴታ ይኾና።

ኣገባብ ኣተሓጻጽባ ድማ ነዚ ዝስዕብ ይመስል፡-

ሓደ ኣስላማይ ኣካላቱ ክሕጸብ እንከሎ ማይ ናብ ኩሉ ነብሱ ከብጽሖ ይግባእ።ኣፍካ ምጉጽጓጽን ፍንጫኻ ማይ ኣእቲኻ ፊጥ ኢልካ ርስሓት ምዉጻእን ድማ ክርሳዕ የብሉን።እዚ ምስ ዝገብር ጽሩይ ኮይኑ ዓይነታት (ዒባዳ)መግዛእቲ ናይ ኣላህ ክፍጽም ድሉዉ ይኸዉን።

ካልእ ዓይነት ዝበለጸ ሙሉእ ዝኾነ ኣገባብ ኣተሓጻጽባ ነብሲ ነቢ ﷺ ዝጥቀመላ ዝነበረ'ዉን ኣላ።ንሳ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ትመስል፡-

01_ ነብስኻ ምሕጻብ ንኣምልኾት ኣላህ ንኽትዳሎ ኢልካ ትገብሮ ምህላዉካ ኒያ(ብልብኻ ምድላዉ) ክትገብር።

02_ መጀመርታ ቢስሚላህ ኢልካ ኢድካ ሰለስተ ግዜ ምስ ሓጸብካ ድሕሪኡ ሕፍረትካ ትሓጽብ።

03_ ልክዕ ከም'ቲ ንስግዳን ኢልካ ትገብሮ ምሕጻብ (ውዱእ) ከምኡ ውዱእ ትገብር።

04_ ናብ ርእስኻ ሰለስተ ግዜ ማይ ብምፍሳስ ክሳብ መበቆል ጸጉሪ ዝበጽሕ ተተርክሶ።

05_ እቲ ማይ ድማ ናብ ኩሉ ነብስኻ ክበጽሕ ይግባእ።መጀመርታ ብየማናይ ሸነኽ ጎንኻ ሓጺብካ ብድሕሪኡ ናብ ጸጋማይ ሸነኽ ትሓጽብ። እዚ ክንብል እንከሎና እናደረዝካ ናብ ኩሉ ሰዉነትካ ምእታን እቲ ማይ ክበጽሕ።

ሓደ ሰብ ጁኑብ (ምስ ሰበይቱ ሓዲሩ ወይ ብሕልሚ ዘርኢ ዘፍሰሰ) ምስ ዝኸዉን ዝኽልከሉ ነገራት ክሳብ ዝሕጸብ፡-

01_ ሰላት(ስግዳን)።

02_ ኣ'ጠዋፍ (ዑደት ኣብ ዙርያ ካዕባ)።

03_ ኣብ መስጊድ ኮፍ ምባል ንምሕላፍ ጥራይ እንተኾይኑ ኮፍ ብዘይ ምባል ይፍቀድ ኢዩ።

04_ ቁርኣን ምሓዝ።

05_ ቁርኣን ምቕራእ (ምንባብ)።

**ኣተየሙም (ብሓመድ ጌርካ ምድራዝ)**

ሓደ ኣስላማይ መሕጸቢ ዝኾኖ ማይ ምስዘይረክብ ወይ ማይ ክጥቀም ብሕማምን ካልእን እንተዘይክኢሉ እሞ ድማ ግዜ ስግዳን ከይሓልፎ እንተፈሪሑ 'ተየሙም' ጌሩ ክሰግድ ይኽእል ኢዩ።

ኣገባብ 'ተየሙም'፦ብክልተ ከብዲ ኢድካ ናብ መሬት ሓንቲ ግዜ ብምህራም በቲ ኣብ ኢድካ ዝሓዘ ሓመድ ገጽካን ላዕለዋይ ኢድካን ትደርዝ።እቲ ሓመድ ድማ ጽሩይን ንጹህን ክኸዉን ይግባእ።

ን 'ተየሙም' ዘፍርስ ድማ ነዚ ዝስዕብ ይመስል፦

1- ልክዕ እቲ ንውዱእ ዘፍርሶ ን 'ተየሙም' ድማ የፍርስ።

2- 'ተየሙም' ጌርካ ቅድሚ ናብታ ትደልያ ዘለኻ ኣምልኾት ምግባርካ ማይ ምስዝርከብ።

## ሰላት (ስግዳን)

ሓደ ኣስላማይ ዝኾነ ኣብ ለይትን መዓልትን ሓሙሽተ ግዜ ንኽሰግድ ኣላህ ግዴታ ጌርዎ ንሰን ድማ፦ ኣልፈጅር፡ኣ'ዙህር፡ኣልዓስር፡ኣልመቕሪብ ኣልዒሻእ ይበሃላ።

## ኣገባብ ምድላዉ ሰላት

እቲ ወቕቲ(ግዜ) ዝተዋህበ ንሰላት ክኣክል እንከሎ ዝኾነ ኣስላማይ ካብ ንምሕጻብ ነብሲ ዘገድዱ ነገራት ነጻ ኮይኑ ነብሱ ጸርዩ ንሰላት ድሉዉ ክኸዉን ይግባእ።

'ኣልሓደስ ኣልኣክበር ' ዝበሃል፦ እቲ ነብስኻ ምሕጻብ ዘገድደካ ነገራት ምስዝህልዉ ክኸዉን ከሎ።

'ኣልሓደስ ኣልኣስቐር ' ድማ እቲ ንዉዱእ ዘፍርስ ኮይኑ ንረኽቦ።

ሓደ ኣስላማይ ክሰግድ ምስ ዝደሊ ድማ ዝለብሶ ክዳንን ዝሰግደሉ በታን ካብ ርስሓት ንጹህ ኮይኑ ሕፍረቱ ሸፊኑ ክሰግድ ይግባእ።

በቲ ዘለካ ዓቕሚ ጽቡቕ ክዳን ለቢስካን ተጸባቢቕካን ዝኾነ ካብ ሰዉነትካ ካብ ሕምብርቲ ክሳብ ብርኪ ዘሎ በታ ሰቲርካ(ሸፊንካ) ናብ ስግዳን ክትቀርብ ድማ ይግባእ። [እዚ ንደቂ ተባዕትዮ ኢዩ]

ንጓል ኣንስተይቲ ንዝምልከት ድማ ብጀካ ገጻን ኢዳን ኩሉ ነብሳ ሰቲራ (ሸፊና) ክትሰግድ ይግባእ።

ሓደ ሰብ ኣብ ሰላት ምስ ዝህሉ ክዛረብ ኣይፍቀዶን ኢዩ ብዘይካ እቲ ኣብ መስርሕ ሰላት ዘሎ ዓይነት ቃላት።ብድሕሪ 'ኢማም' (መሪሑ ዘስግደካ) ምስ እትህሉ ድማ ንዑኡ ተኸቲልካ የማን ጾጋም ቁሊሕ ከይበልካ ክትሰግድ ይግባእ።ምናልባት እቲ ዝተፈቕደ ዓይነታት ቃላት እንተዘይኣጽኒዕካዮ፡ክሳብ ተጽንዖ በቲ ዘለካ ዓቕሚ ንኣላህ ትዝክሮን ትዉድሶን ክሳብ ስግዳን ዝዉዳእ።ንኣገባብ ሰላትን ቃላታን ንኽትመሃር ግን ክትቕልጥፍን ክትጽዕርን ይግበኣካ።

በታ ቅንዕቲ ኣገባብ ኣሰጋግዳ ንኽንሰግድ ድማ ብፍቃድ ኣላህ ነዘን ዝስዕባ ነጥብታት ንከተል ንዐአን ውን ንሓሉወን፦

1_ 'ኣ'ኒያ '፦ነታ ትደልያ ዘሎኻ ስግዳን ኒያ ትገብር ቦታ ኒያ ድማ ኣብ ልብኻ እዩ (ብኣፍካ ኣይተዛረብን ኢካ)።

ብድሕሪ ዉዱእ ምግባረይ ናብ 'ኣልቒብላ'(ካዕባ) ኣንፈተይ ጌረ ደዉ ይብል ።እዚ ድማ ደዉ ንኽብል ክእለት

እንተለኒ ማለት ኢዩ።በዚ ኣገባብ ድማ ንስግዳን ድሉዉ ይኸዉን።

2_ ኢደይ ክሳብ መንኮበይ ዝበጽሕ ሓፍ ኣቢለ ' ኣላሁ ኣክበር' ኢለ፡ኒያ ናብ ሰላት ይኣቱው ከም ዘለኹ ይገብር።

3_ 'ዱዓእ ኣልኢስቲፍታሕ' (መኽፈቲ ጸሎት) ዝበሃል በቲ ተዘኪሩ ዘሎ(ኣብ ሱና) የንብብ።

ገለ ካብኡ እዚ ዝስዕብ እዩ፡-

(سُبْحَانَكَ اللَّهُمَّ وَبِحَمْدِكَ، وَتَبَارَكَ اسْمُكَ، وَتَعَالَى جَدُّكَ، وَلَا إِلَهَ غَيْرَكَ).

' ሱብሓነከላሁማ ወቢሓምዲካ ወተባረከ ኢስሙካ ወተዓላ ጀዱከ ወላኢላሃ ቖይሩከ '።

4_ ንሰይጣን ካባይ ምእንቲ ከርሕቖ፡ናብ ኣላህ ዑቕባ ይሓትት፡ከምዚ ድማ ይብል፡-

(أعوذُ باللهِ من الشيطان الرجيم).

(ኣዑዙ ቢላሂ ሚነሸይጣኒረጂም ' )።

5_ ዓንቀጽ 'ኣልፋቲሓ' ትበሃል ድማ ኣብ ኩሉ ረክዓ(ክፍሊ ሰላት) የንብብ። [መተሓሳሰቢ፡ኣልፋቲሓ ምንባበ ኣብ ኩሉ ዓይነት ክፍሊ ሰላት ክትቀርጽ ግዴታ ይከዉን።እዚ ማለት ኣልፋቲሓ እንተዘይተቀሪኡ እቲ ሰላት ተቐባልነት ኣይረክብን።] ንሳ ድማ፡-

﴿الْحَمْدُ لِلَّهِ رَبِّ الْعَالَمِينَ * الرَّحْمَنِ الرَّحِيمِ * مَالِكِ يَوْمِ الدِّينِ * إِيَّاكَ نَعْبُدُ وَإِيَّاكَ نَسْتَعِينُ * اهْدِنَا الصِّرَاطَ الْمُسْتَقِيمَ * صِرَاطَ الَّذِينَ أَنْعَمْتَ عَلَيْهِمْ غَيْرِ الْمَغْضُوبِ عَلَيْهِمْ وَلَا الضَّالِّينَ﴾.

{ኣልሓምዱሊላሂ ረቢልዓለሚን *

{ኣራሕማኒረሒም *

ማሊኪ የዉሚዲን *

ኢያካ ናዕቡዱ ወኢያካ ነስተዒን *
ኢህዲናሲራጠል ሙስተቂም *
ሲራጠለዚና ኣንዓምታ ዓለይሂም ቓይሪል መቕዱቢ ዓለይሂም ወለ'ዳሊን}።

ብድሕር'ዚ 'ኣሚን' ይብል ትርጉሙ ድማ ኦ ጎይታ እዚ ዝልምኖ ዘለኹ ተቐበለለይ ማለት ኢዩ።

ብድሕሪ 'ኣልፋቲሓ' ምቕራእይ ድማ ዝኾነ ኣብ ዝኽሪ ኣእሙረይ ዝኻኣልኩዎን ዝመጸለይን ጥቕሲታት ቑርኣን ይቐርእ(ከንብብ) ይኽእል።ዘካይዶ ዘሎኹ ኣርባዕተ ረክዓ(ክፍሊ ሰላት) እንተኾይኑ፡ኣብ'ተን ክልተ ረክዓ ቀዳሞት ጥራይ ማለት ይኸዉን፡እዚ ድማ ግድነት ዘይኮነ ግን እንተቐሪአ(ኣንቢበ) ዝያዳ 'ኣጅሪ' (ዓስቢ) ይረክብ።

6_ 'ኣላሁ ኣክበር' ኢለ ድማ ሩኩዕ (ሕቖይ ኣድንን ኣቢለ ይገብር)ክሳብ ሑቐይ ሰጥ ኢሉ ኣእዳወይ ኣብ ብርከይ ኣንቢረ ኣጻብዕተይ ዘርጊሐ ሒዘ 'ሱብሓነ ረቢየልዓዚም' ሰለስተ ግዜ ይብል።

7_ ብድሕሪ'ዚ ካብ 'ሩኩዕ' ሓፍ እናበልኩ 'ሰሚዐላሁ ሊመንሓሚዳህ' ኢለ ኢደይ ክሳብ ሞንኮበይ የብጽሖ።ትኽ ምስ በልኩ ድማ 'ረበና ወለከልሓምድ' ይብል።

8_ ቀጺለ 'ኣላሁ ኣክበር' ኢለ ናብ 'ሱጁድ'(ብግንባረይ ናብ መሬት ተደፊአ ዝዉርደሉ ቀንዲ ኣካል ናይ ስግዳን ኢዩ) ይወርድ፡ብኽልተ ኢደይን ክልተ ኣብራኽይን ክልተ ኣእጋረይን ገጻይን(ኣፍንጫየይን) ናብ መሬት ኣተንኪፈ 'ሱብሓነ ረቢየል ኣዕላ' ሰለስተ ግዜ ይብል።

9_ ' ኣላሁ ኣክበር ' ኢለ ካብ 'ሱጁድ' ጽቡቕ ጌረ ቅንዕ ምስ በልኩ ኣብ ጸጋመይቲ እግረይ ኮፍ ኢለ ንየማነይቲ እግረይ ይተኽላ ሰለስተ ግዜ ' ረቢቕፊርሊ ' ድማ ይብል።

10_ ' ኣላሁ ኣክበር ' ኢለ ድማ ካልኣይ ግዜ 'ሱጁድ' ልክዕ ከም'ታ ናይ ቀዳመይቲ ኣገባብ ይገብር።

11_ ካብ ' ሱጁድ ' ሓፍ እናበልኩ ' ኣላሁ ኣክበር ' ይብል፡ኣጸቢቐ ቀጥ ኢለ ደዉ ይብል፡በዚ ዓይነት ኣገባብ ድማ ኣብ ኩሉ ' ረከዓት ' (ክፍላት ሰላት) ከም'ኡ ይገብር።

ናይ ሰላት ኣ'ዙህር፡ኣልዓስር፡ኣልመቕሪብ፡ኣልዒሻን ኣብ ካልአይቲ 'ረክዓ' ምስ በጻሕኩ ከይተሰእኩ ኮፍ ኢለ ኣ'ተሻ'ሁድ ዝበሃል የንብብ። ንሱ ድማ፡-

(التحيات لله والصلوات والطيبات، السلام عليك أيها النبي ورحمة الله وبركاته، السلام علينا وعلى عباد الله الصالحين، أشهد أن لا إله إلا الله، وأشهد أن محمداً عبده ورسوله)

" ኣ'ተሒያቱ ሊላሂ ወ'ሰለዋቱ ወ'ጠዪባቱ ኣ'ሰላሙ ዓለካ ኣዩሃ'ነቢዩ ወራሕመቱላሂ ወበረካቱሁ፡ ኣ'ሰላሙ ዓለይና ወዓላ ዒባዲላሂ ኣ'ሳሊሒን፡ ኣሽሃዱ ኣላኢላሃ ኢለ'ላሁ፡ ወኣሽሃዱ ኣነ ሙሓመደን ዓብዱሁ ወረሱሉህ " ብድሕርዚ ናብ 'ረከዓ' ሳልሰይቲ ይትስእ።

እታ 3ይቲን 4ይቲን 'ረክዓ' ልኽዕ ከም 1ይቲን 2ይቲን ኣገባብ ተኸቲለ ምስ ወዳእኩወን፡ኣብ'ታ ናይ መወዳእታ 'ረክዓ' ምስ ወዳእኩ ኮፍ ኢለ ን ኣ'ተሻሁድ ኣልኣኺር (መዛዘሚ ሰላት)ይቐርእ(የንብብ) ንሱ ድማ፡-

(التحيات لله والصلوات والطيبات، السلام عليك أيها النبي ورحمة الله وبركاته، السلام علينا وعلى عباد الله الصالحين، أشهد أن لا إله إلا الله، وأشهد أن محمداً

عبده ورسوله، اللهم صلِّ على محمد وعلى آل محمد، كما صليت على إبراهيم وعلى آل إبراهيم، إنك حميد مجيد. اللهم بارك على محمد وعلى آل محمد، كما باركت على إبراهيم وعلى آل إبراهيم، إنك حميد مجيد)

" ኣ'ተሒያቱ ሊላሂ ወ'ሰለዋቱ ወ'ጠዪባቱ ኣ'ሰላሙ ዓለይካ ኣዩሃ'ነቢዩ ወራሕመቱላሂ ወበረካቱሁ፡ ኣሰላሙ ዓለይና ወዓላ ዒባዲላሂ ኣ'ሳሊሒን ኣሽሃዱ ኣላኢላሃ ኢለላህ፡ ወኣሽሃዱ ኣነ ሙሓመደን ዓብዱሁ ወረሱሉሁ፡ ኣላሁማ ሰሊ ዓላ ሙሓመድ ወዓላ ኣሊ ሙሓመድ፡ ከማ ሰለይታ ዓላ ኢብራሂም ወዓላ ኣሊ ኢብራሂም፡ ኢነካ ሓሚዱን መጂድ። ኣ'ላሁማ ባሪክ ዓላ ሙሓመድ ወዓላ ኣሊ ሙሓመድ፡ ከማ ባረክታ ዓላ ኢብራሂም ወዓላ ኣሊ ኢብራሂም፡ ኢነከ ሓሚዱን መጂድ "

12_ ብድሕር'ዚ ሰላት ክዛዝም (ኒያ) እናገበርኩ ናብ የማነይ ግልጽ ኢለ ' ኣ'ሰላሙ ዓለይኩም ወራሕመቱ'ላህ ' ከምኡ'ዉን ናብ ጸጋመይ ግልጽ ኢለ ' ኣ'ሰላሙ ዓለይኩም ወራሕመቱ'ላህ ' ይብል፡በዚ ኣገባብ ድማ ሰላት ብግቡእ ሰጊደ ኣለኹ ማለት'ዩ።

## ናይ ኣስላመይቲ ጓል ኣንስተይቲ ሒጃብ(መጎልበቢ)

ልዑል (ኣላህ) ኢሉ፧

﴿ يَا أَيُّهَا النَّبِيُّ قُلْ لِأَزْوَاجِكَ وَبَنَاتِكَ وَنِسَاءِ الْمُؤْمِنِينَ يُدْنِينَ عَلَيْهِنَّ مِنْ جَلَابِيبِهِنَّ ذَٰلِكَ أَدْنَىٰ أَنْ يُعْرَفْنَ فَلَا يُؤْذَيْنَ وَكَانَ اللَّهُ غَفُورًا رَحِيمًا﴾

{ኦ ነቢ ንኣንስትኻን ደቂኻን ንኹለን ዝኣመና ኣንስቲ ጉልባበን ጌረን ክሽፈና ከምዘለወን ኣዝዘን ኢኻ፡ከም'ዚ ምስ ዝገብራ ድማ ሰብነተን ካልእ ሰብ ከይርእየንን ንሕማቕ

ከይደልየንን ሰታሪ ይኾነን።ኣላህ እኮ ኣዝዩ መሓሪን ኣዝዩ ራህራህን ኢዩ} [ኣልኣሕዛብ፡ 59]።

ኣላህ ኣብ ልዕሊ ዓል ኣንስተይቲ ጉልባብ ክትገብርን ሕፍረታን ኩሉ ነብሳን ካብ ኩሎም ደቂ ተባዕትዮ ክትሸፍንን ኣዚዙ።እዚ ማለት በቲ ኣከዳድና ኣብ ዘላቶ ዓዲ ኮይኑ ብጀካ ንሰብኣያን 'መሓርማን' (ክሪእይዋ ዝፍቀዶም ደቂ ተባዕትዮ) እንተዘይኮይኑ ንኻልኦት ክትገላለጽ ኣይፍቀደላን ኢዩ። 'መሓርም' ዝበሃሉ ድማ፡-ኣቦን ካብኡ ንላዕሊ(ኣቦ ሓጎ)፡ደቃ ካብኡ ንታሕቲን(ደቂ ደቃ)፡ሓወቦታትን ኣኮታትን ኣሕዋትን ደቂ ኣሕዋትን ደቂ ሓፍትን ሰብኣይ ኣደን ኣቦ በዓል ቤት ካብኡ ንላዕሊን፡ወዲ በዓል ቤት ካብኡ ንታሕትን፡ብመጥበዉቲ ኣሕዋት ዝኾኑን፡ንኣጥባዊት በዓል ቤት ዝኣመሰለ ይኾኑ።ልክዕ ከም'ቲ ብመዉስቦ እትዛመዶም ሰባት በቲ መጥበዉቲ እትዛመዶም'ዉን ሓደ ዓይነት ሕጊታት ይኽተሉ።

ዓል ኣንስተይቲ ኣብ ኣከዳድናኣ ከትክተሎ ዘለዋ ገለ መምርሒታት፡-

ቀዳማይ፡- እቲ ልባሳ ኩሉ ኣካላታ ዝሸፍን ክኸዉን ይግባእ።

ካልኣይ፡-እቲ እትለብሶ ክዳን ንርእሳ ክትስለሞን ክትጸባበቕን ኢላ እትኽደኖ ክኸውን የብሉን እዚ ድማ ኣብ ቅድሚ ባዕዳውያን ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ዝህልዉሉ ቦታ ማለት ኢዩ።

ሳልሳይ፡-ረቂቕ ኮይኑ ንኣካላታ ዘርኢ ክኸዉን የብሉን ።

ራብዓይ፡-ግፍሕ ኢሉ ቀጥ ከይበለ ንቕርጺ ኣካላታ ዝገልጽ(ዘርእይ) ክኸዉን የብሉን ።

ሓሙሻይ፦እቲ ልባስ ጨና ክህልዎ የብሉን ድሕር ባዕዳውያን ደቂ ተባዕትዮ ዘለዉዎ ቦታ ክትሓልፍ እንተኮይና እሞ ካኣ ይጨንዎም ተኮይኑ።

ሻድሻይ፦ልባሳ(ክዳና) ድማ ልባስ ምስ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ክመሳሰል ኣይግባእን።

ሻዉዓይ፦እቲ ክዳና'ዉን ነተን ኣስላም ዘይኮና ኣብ ኣምልኾተንን ወይ በዓላተንን ዝለብስኦ ዝመስል ክኸዉን ይብሉን ።

ሻምናይ፦ደቂ ሰባት ካብ ዘዘዉትሩዎ ዓይነት ኣከዳድና ፍልይ ዘብሎ ክኸዉን የብሉን።

## ካብ'ቲ መግለጺታት ኣማኒ

ሉዑል (ኣለህ) ኢሉ፥

﴿ إِنَّمَا الْمُؤْمِنُونَ الَّذِينَ إِذَا ذُكِرَ اللَّهُ وَجِلَتْ قُلُوبُهُمْ وَإِذَا تُلِيَتْ عَلَيْهِمْ آيَاتُهُ زَادَتْهُمْ إِيمَانًا وَعَلَى رَبِّهِمْ يَتَوَكَّلُونَ﴾

{እቶም ኣመንቲ ዝበሃሉ እኮ ኣላህ ክዝከር እንከሎ ልቦም ይፈርህን የንፈጥፍጥን ብፍርሓት(ናይ ኣላህ)፡ ነብሶምን ልቦምን ከኣ ንትእዛዝ ናይ ኣላህ የምርሕን ይግዛእን፡ ከምኡ'ዉን ጥቕስታት ናይ ኣላህ ክሰምዑ እንከለው እምነቶም ይዛይድን ናብ ኣላህ ድማ ተጸጋዕትን ኢዮም} [ኣልኣንፋል፡ 2]

፨ ኣብ ዘረቡኡ ብዘይካ ሓቂ ሓሶት ዘይዛረብ።

፨ ኣብ ቆጸርኡ ዘይጠልም።

፨ ባእሲ ምስ ዘጋጥም ኣይዕምጽን እዩ።

፨ እሙን (ሰብ እምነት ዝሃቦ ዘብጽሕ)።

፨ ከም'ቲ ንነብሱ ጽቡቕ ዝፈትወላ ንኣስላማይ ሓው 'ዉን ጽቡቕ ይፈቱ።

፨ ለጋስ።

፨ ንኹሉ ሰብ ጽቡቕ ዝደልይን ዝገብርን።

፨ ስድርኡን ኣዝማዱን ዝበጽሕ።

፨ በቲ ጽሕፍቶ ናይ ኣላህ ዝጸሓፎ ፈትዩ ዝቕበልን ኣብ ግዜ ራህዋ ንኣላህ ዘመስግን፡ኣብ ግዜ ሽግር ምስዘጋጥሞ 'ዉን ትዕግስቲ ዝገብር።

፨ ብትሕትናን ሕፍረትን ዝፍለጥ።

፨ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ፋጡራት 'ዉን ርህሩህ ዝኾነ።

፨ ቀልቡ ካብ ቂምታ ነጻ፡ኣካላቱ ድማ ካብ ንካልኦት ሰባት ምብዳል ቁጡብ።

፨ ካብ ኣብ ልዕሊኡ ንዝወርዶ በደል ሓዳግ።

፨ ካብ ሓረጣ ነጻ (ብሓረጣ ዘይሰርሕን ዘይበልዕን)።

፨ ዘይዝሙ ።

፨ ኣስካሪ ዝኾነ መስተ ዘይሰቲ።

፨ ንጎረባብቱ ጽቡቕ ዝገብር።

፨ ዘይዕምጽን ዘይከድዕን።

፨ ዘይሰርቕን ዘይየጠፉፍእን።

፨ ንወለዱ ምእዙዝ፡ወላ ኣብ እስልምና ዘይኣምኑ እንተኾኑ ይእዘዞም እዩ ኣብ ጽቡቅ ነገራት(እዚ ማለት ምስ እስልምና ዘይጻረር ነገራት እንተ ኮይኑ)።

፨ ንደቁ ድማ ኣብ ዝለዓለ ስነስርዓት ኣዕቢዩ በቲ እስልምና ዝብሎ ይእዝዞም፡ካብቲ ኩሉ ጽዩፍ ዝኾነ ነገራት ድማ ይኽልክሎም።

፨ በቲ ዕለታዊ ንጥፈታት ዝገብሮ ድማ ነቶም ብእስልምና ዘይኣምኑ ወይ ከሓድቲ ኣብ ሃይማነቶምን ወይ ኣብ በዓላቶም ፍሉይ ዝገብርዎ ነገራት ንዐኦም ዘይመስል፡፡

፨ በቲ ሓጥያት ዝፍጽሞን ካብ'ቲ ዝተኣዘዘ ዘግዱሎን ድማ ናብ ኣላህ ተናሳሕን ተመላስን ኢዩ፡፡

## ንሓደ ኣስላማይ ኣብ እምነቱ ኣገዳሲ ዝኾነ መትከላት(መሰረት)

01_ ኣላህ ንዕኡ ብሓቂ ዝግበኦ ኣምልኾ ዝኾነ ጎይታ፡ ኮስኰሱ ዝናብየናን ብዘይካ ንዑኡ ንኻልእ ኣይነምልኽን፡ንዑኡ ዝመስል ዘይብሉ፡ ኩሉ ዝክኣሎ ንሱ ጥራይ ኢዩ።ንሱ ንኩሉ ሰማዒን ራኣይን ኢዩ፡፡

02_ ኣላህ ካብ ጉድለት ናጻ ዝኾነ ኣብ ላዕሊ ዝሰፈረ፡ልዕሊ ኩሉ ፍጡራት ምኻኑ፡ ካብ ባረቱ ዝተፈለየ ዝኾነ፡ እቲ ልዕልንኡ ድማ ፍጹም ልዑል ናይ ቦታን ክብረትን ኮይኑ፡ብሓይልን ብኩሉ ዓይነት መዐቀኒ ልዕሊ ባሮቱ ምኻኑ፡ንሱ(ሱብሓነሁ ወተዓላ) ድማ ብፍልጠቱ ንኹሉ ዘረኻኽበሉ ወልሓንቲ ዝሓልፎ ከምዘየለ ክንኣምን።

03_ በቲ ኣላህ ኣብ ቁርኣን ዝነገረና መግለጺታት ናይ ነብሱን ወይ ነቢ ሙሓመድ ﷺ ዝነገረና ኣስማትን መግለጺታትን ናይ ኣላህ ክንኣምን፡ ከምኡ'ዉን በቲ መግለጺታቱ ዘይኮነ ባዕሉ ኣላህ ዝነጸጎ ወይ ነቢ ሙሓመድ ﷺ ዝነጸጎን ክንነጽግ ይግባእ።

04_ልዑል ኣላህ ንኹሉ ጸሎት ዝገበረ ይቕበለሉ፡ ነቲ ጉዳይ ዘለዎ ይፈትሓሉ ኢዩ።ኣላህ ንኩሉ ነገር መላኺን ወናንን ኢዩ፡፡

ኩሉ ኣብ'ዛ ምድረ ዓለም ዘጋጥም ዝጠቅምን ዝጎድእን ብትእዛዙ ምዃኑን ብዘይ ኣላህ ድማ ዝኾነ ባርያ ወላ'ኳ ንሓንቲ ህሞት ክንነብር ከምዘይንኽእል ምእማን።ሓደ ኣስላማይ ዝበሃል ድማ ብዘይካ ንኣላህ ኣብ ዝኾነ ዓይነታት ኣምልኾት ከም ዱዓእ(ጸሎት)፡ሰላት (ስግዳን) መብጽዓን ምሕራድን ምፍራሕን፡ተስፋን፡ሙሉእ እምነት ኣሕዲርካ ምጽጋዕን ካልእን ደጋዊ መግለጺታት ኣምልኾ ይኹን ዉሽጣዊ ብዘይካ ንኣላህ ብሕቱ እምበር፡ንኻልእ ኣይፍቀደን ኢዩ።እዚ ምስእትፍጽሞ ድማ ንኣላህ ሺርካ ጌርካሉ ማለት ይኸዉን።

05_ እቲ ዝዓበየ ሓጥያት ወይ እቲ ዓቢ ናይ ዓበይቲ ሓጥያት ተባሂሉ ዝጽዋዕ፡ምስ ኣላህ ሽርካ ክትገብር እንከለኻ ኢዩ።ካብ'ዚ ዓይነት ዝጠቐስናዮ ሽርክነት ምስ ኣላህ እናፈጸመ ዝሞተ ድማ፡ኣላህ ገነት ንዑኡ ክኣትዉ ሓራም(ክልክልቲ) ጌሩ ኣብ ገሃነም የስፍሮ።ኣብ'ዚ ከም'ዚ ሓጥያት ወዲቑ፡ከይተናስሐ ዝሞተ ድማ ኣላህ ኣይምሕሮን ኢዩ።

06_እቲ ናዓኻ ኢሉ ኣላህ ኣብ ጽሕፍቶ ዘስፈሮ ናብ ካልእ ኣይሰግርን ኢዩ፡እቲ ናብ ካልእ ኢሉ ኣብ ጽሕፍቶ(ቀደር) ዘስፈሮ ድማ ናዓኻ ኣየጋጥመካን ኢዩ።ካብ'ዚ ንርደኦ እንተሃልዩ ድማ ሓደ ኣስላማይ በቲ ልዑል ዝኾነ ኣላህ ኣብ ጽሕፍቶኡ ዘስፈሮ ኣሚንና በቲ ዘጋጥመና ፈቲና ክንቅበሎ ንኣላህ ድማ ኣብ ኩሉ ኩነታት ሂወትና ከነመስግኖን ክንዉደሶን ይግበኣና።

07_ ነቢ ናትና ሙሓመድﷺ ዝበለጸ ፍጡርን ናይ መወዳእታ መዛዘሚ ነቢያት ኮይኑ፡ከምኡ'ዉን ኣብ ምጽኣተ

ዓለም (ኣልሙሽፋዕ)ኣማላዲ ምኳኑ ክንኣምን፡ኣላህ ድማ ከም'ቲ ን ኢብራሂም [ሰላምታ ይኹኖ] ቀንዲ ተፈታዊ ናብኡ ዝገበሮ ንነቢ ሙሓመድ 'ዉን ቀንዲ ተፈታዊ ናብኡ ጌርዎ።

10_ መጽሓፍና 'ኣልቑርኣን ኣልከሪም' ትኣምር ዝኾነ ንኹሉ በዳሂ፡ ጥርጥር ዘይብሉ ሓቂ፡ንዕኡ ምንባብ ሓደ ካብ ስርዓተ-ኣምልኾት ምኳኑ፡ልዕል ኣላህ ብመንገዲ ዝበለጸ መልኣኽ ጂብሪል ጌሩ ናብ ነቢ ሙሓመድ [ሰላምታ ይኹኖም] ዘዉረዶ ካብ ምቕያርን ምዉሳኽን ድማ ባዕሉ ኣላህ (ጉጹህ ዝኾነ ካብ ኩሉ ጉድለት) ከም ዝዕቕቦን ዝሕልዎን ከምዚ ኢሉ ነጊሩና፡-

﴿إِنَّا نَحْنُ نَزَّلْنَا الذِّكْرَ وَإِنَّا لَهُ لَحَافِظُونَ﴾

{ንሕና ንቑርኣን ኣውሪድናዩ ንሕና ኸኣ ዓቀብቱ ኢና} [ኣልሒጅር፡ 9]።

11_ እቲ ናብ ኣላህ ዝቐረበ ዝበሃል፡ እቲ ንዑኡ ምእዙዝ ዝኾነን ብዝያዳ ንመለኮታዊ ሕጊ ዝኽተልን ኢዩ።ኣብ ብልጸት ድማ ዓረብ ካብ ካልኦት ዜጋ፡ ወይ ካልኦት ዜጋ ካብ ዓረብ፡ ወይ ጻዕዳ ካብ ጸሊም፡ ጸሊም ካብ ጻዕዳ፡ ሓደ ካብ ሓደ ኣይበልጽን ኢዩ።እቲ ቡሉጽ ዝኾነ እቲ ፍርሓት ኣላህ ዘለዎ ጥራይ ይኸዉን፡እዚ ድማ ኩልና ካብ ኣደም ኢና፡ ኣደም ድማ ካብ ሓመድ ዝተፈጥረ እዩ።ኣላህ ' ሱብሓነሁ' ካብ ኩሉ ጉድለት ነጻ ዝኾነ ከም'ዚ ይብል፡-

﴿إِنَّ أَكْرَمَكُمْ عِنْدَ اللَّهِ أَتْقَاكُمْ﴾

{ብርግጽ እቲ ዝበለጸ ካባኹም እቲ ንኣላህ ዝፈረሀ ኢዩ} [ኣልሑጁራት፡ 13]።

12-ሓደ ኣስላማይ በቶም ተግባራት ናይ ደቂ ሰባት ዝጽሕፉ ኩቡራት መልኣኽታት ይኣምን፡እቲ እምነት ድማ ህላዉነቶምን ባሮት ናይ ኣላህ ከምዝኾኑን፡ ልዑል ኣላህ ካብ ብርሃን ከምዝፈጠሮም፡ ካብኣቶም ጂብሪል ስርሑ ካብ ልዑል ኣላህ መለኮታዊ መልእኽቲ ተቐቢሉ ናብ ነቢያት የብጽሕ፡ሚካኤል ድማ ስርሑ ብዛዕባ ዝናብ ዝምልከት፡ ኢስራፊል ጡሩምባ ዝነፍሕ፡(ኣብ ዝእዘዘሉ ማዓልቲ ምንፋሕ ስርሑ ዝኾነ) መልኣኽ ናይ ሞት ድማ ስርሑ መዓልታ ዝኣኸለት ህይወት ናይ ባሮት ይወስድ።

13_ ሓደ ኣስላማይ ድማ ብምልክታት ምጽኣተ ዓለም ከም 'መሲሕ ኣ'ደጃል'፡ናይ ዒሳ ወዳ ን መርየም [ሰላም ይኹኖ] ኣብ መወዳእታ ዘመን ካብ ሰማይ ምዉራድ፡ጸሓይ ብምዕራብ ምውጻእ፡ ይኣምን።

14_ሓደ ኣስላማይ ኣብ ቀብሪ ንዘጋጥም በዓል ጽቡቕ ስራሕ ሽሻይ ከምዝረክብ እቲ በዓል ሕማቕ ስራሕ ድማ መቕጻዕቲ ከምዘጓንፎ ይኣምን።ከምኡ'ዉን 'ሙንከርን ነኪርን' ዝተባህሉ መልኣኽቲ፡መን'ዩ ኣምላኽካን፡ ሃይማኖትካን፡ ነቢ ናትካን፡ እናበሉ ሕቶ ዝሓቱ ከምዘለዉ ይኣምን፡ሰለ'ዚ ድማ እታ ቀብሪ (እንኣትዋ ጉድጓድ) ወይ መናፈሻ ናይ ገነት ክትከዉን ኢያ ወይ ድማ ጉድጓድ ካብ ጎዳጉዲ ናይ ሓዊ ክትከዉን ኢያ።

15_ ብድሕሪ ሞት ዘሎ ትንሳኤን ብድሕሪኡ ኣብ ምጽኣተ ዓለም ዘጋጥም ደቂ ሰባት በቢስርሖም ጹቡቅ ጻምኦምን ወይ ግቡእ መቕጻዕቶምን ከምዝወስዱን፡ገነትን ገሃነምን ድማ

ኣላህ ዝፈጠረን ኮይነን ንዘልኣለም ዘይበርሳ ህሉዋት ምኺነን ይኣምን።

16_ ሲሕሪ ምጥቃም ድማ ብኣላህ ምኽሓድ ከምዝኾነ፡ንኽትመሃሮን ወይ ናብ ሳሓርትን ሓሰውትን ክትከይድ ኣይፍቀድን ኢዩ። ሓደ ኣስላማይ እንተኾይኑ 'ዉን ንጠንቆልትን ጠበብትን ብዝብልዎ ዘረባ ክኣምኖም ኣይፍቀድን ኢዩ፡ንሳቶም ዝብልዎ ምስዝኣምን ድማ በቲ ናብ ነቢ ሙሓመድﷺ ዝወረደ (ኣልቑርኣን ኣልከሪም) ክሒዱ ኣሎ ማለት ኢዩ።

17-ሓደ ኣስላማይ ድማ 'ን ሰሓባ' ልኡኽ ናይ ኣላህﷺ (ሳዓብቱ ኣብ ግዚኡ ን ነቢ ዝነበሩን ዝራኣይዎን) ይፈትዎም፡ከምኡ'ዉን ነቶም ን0ኦም ዝፈትዉዎም ይፈትዉ ነቶም ዝጸልእዎም ድማ ይጸልእ፡ምኽንያቱ ን'ሰሓባ' ምፍታዉ ምልክት ናይ ብሓቂ ኣማኒ ከምዝኾነ የረጋግጽ።ንዕኦም ምጽላእ ድማ ምልክት ናይ ክሕደትን ምናፍቓን ይኸዉን።ነቢﷺ ከም'ዚ ኢሉ <<ን'ሰሓባ ናተይ ኣይትጽረፉለይ>> ሙስሊም ዘዉረይዎ፡ዝኾነ ይኹን ኣብ ልዕሊ 'ሰሓባ' [ኣላህ ይፍተወሎም] ሕማቕ ዝዛረብን ዘስተናእስን ጥፉእን ኣብ ሃይማኖት እስልምና ሓድሽ ከምዘምጸአን ድማ ይፍለጥ።

18-ሓደ ኣስላማይ ብድሕሪ ልኡኽ ሙሓመድﷺ ኣብ 'ኺላፋ' (መሪሕነት) ዝተክእዎ ካብ'ቶም ሰሓባ ከምዝነበሩ ይኣምን፡ቀዳማይ ኣቡበከር ኣ'ሲዲቕ [ኣላህ ይፍተወሎም] ካብ ኩሉ ኣብ'ቲ ግዜ ዝነበሩን ብድሕሪኡ ዝመጹን ህዝቢ ዝበለጸ ስለዝኾነ፡ብድሕሪኡ ድማ ዑመር ኢብኑልኸጣብ

[ኣላህ ይፍተወሎም] ብድሕሪኡ ዑስማን [ኣላህ ይፍተወሎም] ብድሕሪኡ ዓሊ ኢብኒ ኣቢ ጣሊብ [ኣላህ ይፍተወሎም] ኢዮም።እዚኦም ኣርባዕተ እቶም ፍትሐኛታትን ኢማማትን መራሕቲ ተባሂሎም ድማ ይጽዉዑ።

19_ ኩሉ እቲ ዓይነታትን ዒባዳ (ስርዓተ-ኣምልኾት)፣ካብ ዝኾነ ክንወስድ ከምዘይብልና፣ብዘይካ ኣብ ቁርኣን ናይ ኣላህ ዝተጠቐሰን ወይ መንገድን መምርሒን ናይ ልኡኽ ኣላህﷺ ዝመንጨወን ጥራይ ክኸዉን ይግባእ።ዝኾነ ይኹን ኣምልኾት ብደሕሪ ነቢ ﷺ ካብ'ቲ መምርሒ ወጻኢ ወዲ ሰብ ዝመሃዞ እንተኾይኑ ንጹግን ፍንፉንን ይኸዉን።ነቢﷺ ከም'ዚ ኢሉ፥-(ዝኾነ ይኹን ዓይነት ስራሕ ካብ'ዚ ናትና መምርሒ ወይ መንገዲ ወጻኢ ዝሰርሕ ንጹግ ኢዩ) ቡኻሪ ዘዉረዮ።

18-እቲ እትገብሮ ኣምልኾት ኣላህ ንኽቕበለልካ ክልተ መሰረታት ከተማልአን ይግበኣካ።ንሰን ድማ፥-ኩሉ እትሰርሖ ንጽህና ንኣላህ ንብሕቱ ክኸዉን እንከሎ፣ካልኣይ ድማ እቲ ዝሰራሕካዮ ካብ መምርሒ ናይ ነቢ ﷺ ክወጽእ ከምዘይብሉ ክኸዉን ይግባእ፣ካብዘን ክልተ ሓንቲ ዘጉደለ ስርሑ ተቀባልነት የብሉን።

## ሓጎሰይ ኣብ ሃይማኖት እስልምና ኢየ ዝረኽቦ

ልዑል (ኣላህ) ከም'ዚ ኢሉ፥-

﴿مَنْ عَمِلَ صَالِحًا مِنْ ذَكَرٍ أَوْ أُنْثَى وَهُوَ مُؤْمِنٌ فَلَنُحْيِيَنَّهُ حَيَاةً طَيِّبَةً وَلَنَجْزِيَنَّهُمْ أَجْرَهُمْ بِأَحْسَنِ مَا كَانُوا يَعْمَلُونَ﴾

{ካብ ወዲ ተባዕታይ ይኹን ጓል ኣንስተይቲ ኣማኒ ጽቡቕ ዝሰረሐ፣ኣብ ምድሪዓለም ሰናይ ናብራ ኣንቢርና ኣብ ምጽአተ

ዓለም ድማ በቲ ዝገበርዎ ዝበለጸ ዓስቢ ክንህቦም ኢና}
[ኣ'ናሕል፡ 97]፡፡

ሓደ ኣስላማይ እቲ ዝዓበየ ናብ ልቡ ሓጎስ (ደስታ)ን ርሕሰትን ዝረኽበሉ እንተሎ ናብ ኣላህ ብቐጥታ ካብ ብሂወቶም ዘለው ይኹኑ ወላ ካብ ምውታት ወላ'ዉን ካብ ሓወልትታት መንጎኛ ከይገበረ፡ንኣላህ ክረኽቦ እንከሎ ኢዩ፡፡ኣላህ እኮ ኣብ ክቡር መጽሓፉ ናብ ባሮቱ ኩሉ ግዜ ቀረባ ከምዝኾነ ኢዩ ነጊሩ፡ይሰምዖሙን ነቲ ዝልምንዎ(ጸለቶም) ውን ይምልሰሎም(ይቕበሎም)፡፡ከም'ቲ ካብ ኩሉ ጉድለት ኑጹህ ዝኾነ ኣላህ ዝበሎ፡-

﴿ وَإِذَا سَأَلَكَ عِبَادِي عَنِّي فَإِنِّي قَرِيبٌ أُجِيبُ دَعْوَةَ الدَّاعِ إِذَا دَعَانِ فَلْيَسْتَجِيبُوا لِي وَلْيُؤْمِنُوا بِي لَعَلَّهُمْ يَرْشُدُونَ﴾

{[ኦ ሙሓመድ]፡ባሮተይ ብዛዕባይ ምስ ዝሓቱኻ ብርግጽ ኣነ ቀረባ ኢየ፡፡ ብጸሎት ጌሩ ዝሓተኒ ድማ ክምልሰሉ ኢየ ንዓይ ጥራይ ይእመኑኒን ይገዙእኒን ምእታን ናብ ቁኑዕ ክምርሑ}
[ኣልበቐራ፡ 186]፡፡ ኣላህ ጸሎት ክንገብረሉ ኣዚዙና፡እዚ ነገር ድማ ካብ'ቲ ዝዓበየ ኣምልኾት ናብ ኣላህ ዘቐርበካ ጌርዎ፡ኣላህ እቲ ሓያልን ኩቡርን ዝኾነ ከም'ዚ ይብል፡-

﴿ وَقالَ رَبُّكُمُ ادْعُونِي أَسْتَجِبْ لَكُمْ إِنَّ الَّذِينَ يَسْتَكْبِرُونَ عَنْ عِبادَتِي سَيَدْخُلُونَ جَهَنَّمَ داخِرِينَ ﴾

{ፈጣሪኹም ኣላህ(ጎይታ)፡ ናዓይ ኣምሉኹኒ ለሙኑኒ ክቅበለልኩም ኢሉ፡፡ ብርግጽ እቶም ንዓይ ን በይነይ ከምልኹኒ ዝዕበዩ ድማ ኣብ ገሃነም ሕሱራትን ትሑታትን ዝተዋረዱን ኮይኖም ክኣትው ኢዮም} [ቓፊር፡ 60]፡፡ እቲ ቅኑዕ ኣስላማይ ዝበሃል እቲ ኩሉ ነገር ካብ ኣላህ ዝጽበይን

ኩሉ ግዜ ጸሎት ዝገብርን ኢዩ፡ብዝተፈላለየ ሰናይ ዒባዳ (ንጥፈታት ስርዓተ-ኣምልኾት) ጌሩ ድማ ናብ ኣላህ ዝቐርብ ኢዩ።

ልዑል ኣላህ ናብ'ዛ መሬት ዘምጸኣና ወይ ህሉዋት ዝገበረና ንሓደ ዓቢ ጥበብ ኢዩ፡ስቕ ኢሉ ንኸንቶ ኣይፈጠረናን፡ንምንታይ ንዝብል ሕቶ ድማ ንዑኡ ንብሕቱ ሽርክነት ከይገበርና ንኽንግዘኦ ፈጢርና።ብሓደ ዓቢን ጎደሎ ዘይብሉ ሙሉእን ኩሉ እቲ ዘድልየና ኣብ ሂወት መዳያት ውልቃውን ሓፈሻውን ወላሓደ ከይገደፈ ዝነግረና ዝኾነ ሃይማኖት ድማ ሕጊ ጌሩ ገሊጽልና።በቲ ፍትሓዊ ዝኾነ እስላማዊ ሕጊ ጌሩ ድማ ነተን 'ደሩሪያት ኣልሓያት' ዝበሃላ (ኣብ እስልምና ብፍሉይ ቀዳምነት ሂቡ ክዕቀባ ወይ መሰለን ክሕሎ ከምዘለወን ዘተኮረለን ነገራት) ዓቂብልና።ንሰን ድማ፡-ሃይማኖትናን፡ነብስናን፡ክብረትናን፡ሓንጎልናን፡ ገንዘብናን ኢየን።

ሓደ ኣስላማይ ምስ ኣላህ ዘለዎ ርክብ ዓሚቅ ኮይኑ ርግኣትን ሩፍታን ናይ ነብሲን ጸታን ዉሑስን ሓጎስን ዘለዎ ስምዒት ድማ ይስመዖ፡ከምኡ'ዉን ዓቢ ዝኾነ ክብረቱ ኣላህ ምስቶም ዝኣምንዎ ከምዘሎን፡ብምሕብሓብን ምክንካንን የንብሮም። ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ኢሉ፡-

﴿اللَّهُ وَلِيُّ الَّذِينَ آمَنُوا يُخْرِجُهُمْ مِنَ الظُّلُمَاتِ إِلَى النُّورِ﴾

{ኣላህ እኮ ነቶም ኣመንቲ ቀረባን ሓላፍነት ዝወስደሎምን ኮይኑ፡ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ድማ ይመርሖም} [ኣልበቐራ: 257]።

እዚ ዓቢ ዝኮነ ርክብ ምስ ኣላህ፡ናይ ዉሽጣዊ ምቾት ዝኾነ ስሚዒት በቲ ንኣላህ እትገብሮ ኣምልኾት ዝህበካ ኮይኑ፡ምስ ኣላህ ክትራኸብ ድማ የተሃራርፈካን በቲ ዝስማዓካ ስሚዒት ብልብኻ ናብ ሓጎስ ዝኾነ ሰማይ ትዓርግ ዘለኻ ኮይኑ ይስመዓካ፡እዚ ድማ መቐረት ናይ እምነት ይበሃል።

እዚ መቐረት እዚ ብልክዕ ክፈልጦን ክገልጾን ዝኽእል፡ብዘይካ እቲ ብታእዛዛት ናይ ኣላህ ተቀዪዱ ዝኸይድን ካብ'ቲ ዝኸልከሎ ድማ ዝኽልከል ጥራይ ኢዩ ክፈልጦ ዝኽእል።ስለዚ ድማ ነቢ ሙሓመድ ﷺ ከም'ዚ ይብል፡-

(ذاق طعم الإيمان من رضي بالله ربًا وبالإسلام دينًا وبمحمد رسولًا)

(ኣላህ ኮስኳሲኡን ፈጣሪኡን ከምዝኾነ፡እስልምና ሃይማኖቱ ከምዝኾነ ሙሓመድ ድማ ልኡኽ ከምዝኾነ ፈትዩ ዝተቐበለ መቐረት ናይ እምነት ይረክብ) ሙስሊም ዘውረዮ።

ሓደ ሰብ ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድሚ ኣላህ ፈጣሪኡ (ይርእዮን ይሰምዖን) ከምዘሎን ይሓስብን ንነብሱ የእምናን እንተኾይኑ፡ከምኡ'ዉን በቲ መዳርግቲ ዘይብሉ ኣብ ጽባቔ ኣስማትን መግለጺታትን ናይ ኣላህ ፍልጠት ሃሊዎ፡ንኣላህ ብንጽህና ከምልኾ እንከሎ ድማ ከምዝርእዮ ዘሎ ጌሩ ክኣምን ይግበኦ።እዚ ኩሉ ዝጠቓስናዮ ንርኣዩለይ ስምዑለይ ዘይኮነ ንብሕቱ ንኣላህ _ሉዑል ዝኾነ ክብሩ_ ኢሉ ዝሰረሐ፡ኣብ'ዛ ምድረ ዓለም ኣብ ኣዝዩ ምቾት ዝኾነ ሂወት ኣሕሊፉ ኣብ ምጽኣተ ዓለም ድማ ዝበለጸ ዓስቢ ከምዝረክብ ጥርጥር የለን።

ወላ'ዉን እቲ ኣብ ልዕሊ ሓደ ሙእሚን ኣብ ምድረ ዓለም ዘጋጥም ሽግራት እቲ ምረት ናይ'ቲ ሽግር በቲ ቐጥ ዝበለ እምነቱ ጥርጥር ዘይብሉን፡ በቲ ቀደር(ጽሕፍቶ) ፈትዩን ተቀቢሉን ነቲ ምረት ከምዘዝሕሎ ይፍለጥ፡በቲ ኲሉ ዘጋጥሞ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ናብ ኣላህ ምስጋና ይገብር እምበር በቲ ዘጋጥሞ ኣየንጸርጽርን ኢዩ።

ሓደ ኣስላማይ ካብ'ቲ ነቲ ምቖትን ርግኣትን ክዉስኹሉ ምእንቲ፡ክጽዕረሉ ዘለዎ ብብዝሒ ንልዑል ኣላህ ምዝካርን ብብዝሒ ቁርኣን ምቕራእን ኢዩ።ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡-

﴿الَّذِينَ آمَنُوا وَتَطْمَئِنُّ قُلُوبُهُمْ بِذِكْرِ اللَّهِ أَلَا بِذِكْرِ اللَّهِ تَطْمَئِنُّ الْقُلُوبُ﴾

{እቶም ዝኣመኑ እኮ ንኣላህ ብምዝካር ኣብ ልቦም ርግኣት ይስመዖም፡ ብርግጽ ድማ ዝኾነት ልቢ ንኣላህ ብምዝካር ርግኣት ትረክብ} [ኣልራዕድ፡ 28]። ንኣላህ ምዝካርካ ብዝዛየደ ቁጽሪን ብብዝሒ ቁርኣን ምቕራእን (ምንባብን) ድማ ምስ ልዑል ኣላህ ዘለካ ርክብ እናወሰኸ ይኸይድ። ነብስኻ ድማ ካብ ሕማቕ እናጸረየት፡እምነትካ ድማ ዱልዱል ይኸዉን።

ኵምኡ'ዉን ሓደ ኣስላማይ ብዛዕባ ሃይማኖት ዝብሎ ካብ'ቲ ቀንዲ መመንጨዊ ወይ መሰረቱ ዝኾነ ክመሃር ክጽዕር ይግበኦ፡ምእንቲ ን ኣላህ ከምልኾ እንከሎ ብትኽክል ከምልኾ።ነቢ ሙሓመድ ﷺ ከም'ዚ ይብል፡-

(طلب العلم فريضة على كل مسلم)

(ኲሉ ኣስላማይ ትምህርቲ(ክትፈልጦ ዝግበኣካ ነገራት ናይ ሃይማኖትካ) ክመሃር ግድን ይኾኖ) ኢብኒ ማጃህ ዘዉረዮ።

ነቲ ልዑል ፈጣሪ ኣላህ ዝእዝዞ ነገራት ድማ ረዲየ (ፈትየ) ኢሉ ክቕበል ግዴታ ኣለዎ።ምኽንያት ናይ'ቲ ዝእዘዞ ዘሎ ይፍለጥ ኣይፍለጥ ሕራይ ኢሉ ክቕበል ይግባእ።ልዑል ኣላህ ኣብ ኩቡር ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፦

﴿وَمَا كَانَ لِمُؤْمِنٍ وَلَا مُؤْمِنَةٍ إِذَا قَضَى اللَّهُ وَرَسُولُهُ أَمْرًا أَنْ يَكُونَ لَهُمُ الْخِيَرَةُ مِنْ أَمْرِهِمْ وَمَنْ يَعْصِ اللَّهَ وَرَسُولَهُ فَقَدْ ضَلَّ ضَلَالًا مُبِينًا﴾

{እቶም ኣመንቲ እኮ ደቂ ተባዕትዮ ይኹኑ ደቂ ኣንስትዮ ኣላህ ወይ ልኡኽ ናቱ ሓደ ነገር ክፈርዱ እንከለው ምርጫ የብሎምን: ነቲ ናይ ኣላህ ወይ ልኡኹ ናቱን ትእዛዝ ዝነጽግ ድማ ብርግጽ ኣብ ጥርጥር ዘይብሉ ጉሉጽ ጥፍኣት ኣሎ ማለት'ዩ} [ኣልኣሕዛብ፡ 36]፡

' ወሰለላሁ ዓላ ነቢይና ሙሓመድ ወዓላ ኣሊሂ ወሳሕቢሂ ኣጅመዒን' (ሰላምን ዉዳሰን ነቲ ክቡር ነቢ ናትና ከም'ኡ ዉን ንስድራቤቱን ሰዓብቱን ብጾቱን ይኹን)

# الفهرس

ንሙስሊም ጠቅሚ ዘለዎ ሓጺር መምርሒ ........................................ 2
መእተዊ ........................................ 2
ድሕሪ ምፍጣር ባሮት ዘሎ ጥበብ ........................................ 3
ጎይታይ ኣላህ ኢዩ ........................................ 4
ካብ'ቲ ጽቡቕ ኣስማቱ: ........................................ 5
ናተይ ነብይ ሙሓመድ(ﷺ) እዮም። ........................................ 7
ሙሓመድ (ﷺ) ነብይ ናይ ርህራሄ ውህብቶ፥ ........................................ 7
ካብ ባህሪዮኦም(ﷺ)፦ ........................................ 10
ኩቡር ቁርኣን ናይ ጎይታይ ቃል እዩ ........................................ 10
ሃይማኖተይ እስልምና እዩ ........................................ 11
ናይ መጀመርታ ደረጃ ኣልኢስላም፦ ........................................ 12
ናይ ኢስላም ዓንድታት ........................................ 12
ናይ መጀመርያ ዓንዲ፦ ብጀካ ኣለህ ብሓቂ ዝምለኽ ኣምላኽ የለን ሙሓመድ ናይ ኣላህ ሉኡኽ እዮም ምምስካር። ........................................ 12
ካልኣይ ዓንዲ፦ ስግደት ብስርዓት ምስጋድ። ........................................ 13
ሳልሳይ ዓንዲ፦ምጽዋት (ዘካት) ምሃብ።........................................ 13
ራብዓይ ዓንዲ፥ጾም ወርሒ ረሞዳን። ........................................ 15
ሓምሻይ ዓንዲ፥ ሓጅ በይቱላሂል ሓራም።........................................ 16
ካልኣይ ደረጃ፥ እምነት........................................ 17
ዓንድታት ናይ እምነት........................................ 17
ቀዳማይ ዓንዲ፥እምነት ብኣላህ........................................ 18
ራብዓይ ዓንዲ፥እምነት ብመልኣኽቲ........................................ 19
ሳልሳይ ዓንዲ፥እምነት ብመጻሕፍቲ ........................................ 20
ራብዓይ ዓንዲ፥እምነት ብልኡኻት። ........................................ 21

ሓሙሻይ ዓንዲ፥እምነት ብምጽኣተ ዓለም። ........ 22
ሻድሻይ ዓንዲ፥ብጽሕፍቶ(ቀደር) ጽቡቕን ሕማቕን ምእማን ........ 23
ሳልሳይ ደረጃ፥ኣልኢሕሳን ........ 24
ንጽህና ........ 25
ዉዱእ ........ 27
ን 'ኣልዅፍን(ብቆርበት ዝስራሕ ከም ካልሲ ዝልበስ)ን ጀውረበይን'(ካልሲ) ምድራዝ ዝምልከት ........ 31
ኣልቑስል (ነብስኻ ምሕጻብ) ........ 33
ኣተየሙም (ብሓመድ ጌርካ ምድራዝ) ........ 35
ሰላት (ስግዳን) ........ 35
ኣገባብ ምድላዉ ሰላት ........ 35
ናይ ኣስላመይቲ ጓል ኣንስተይቲ ሒጃብ(መጎልበቢ) ........ 40
ካብ'ቲ መግለጺታት ኣማኒ ........ 42
ንሓደ ኣስላማይ ኣብ እምነቱ ኣገዳሲ ዝዀነ መትከላት(መሰረት) ........ 44
ሓጎሰይ ኣብ ሃይማኖት እስልምና ኢየ ዝረኸቦ ........ 49